# BACKGROUND

The Institute for Peace and Security Studies (IPSS) of Addis Ababa University and the Peace Research Facility (PRF) of the Rift Valley Institute (RVI) jointly organized a seminar on the theme 'Rethinking Ethiopia: A Seminar on Youth Voices', held on 22 February 2024. The seminar was based on a call for submissions that these organizations made in September 2023, requesting essays commemorating the 50th anniversary of the 1974 Ethiopian revolution.

The Ethiopian revolution marks a significant turning point in Ethiopian history, bringing about major social and political changes with far-reaching consequences. In commemorating the 50th anniversary of this historic moment, it is important to reflect on this legacy and the lessons that can be drawn from it. Moreover, the ideas discussed and debated at that time remain central to public life in contemporary Ethiopia. The Institute for Peace and Security Studies (IPSS) of Addis Ababa University and the Peace Research Facility (PRF) of the Rift Valley Institute (RVI) provided a national platform for further articulation, exchange and debate about the future(s) of Ethiopia.

To this end, these organizations invited young Ethiopians (18 to 35 years old) to contribute their ideas, in the form of a 2000-word essay, on what they take to be the contemporary challenges in Ethiopia and to propose solutions from variety of disciplinary backgrounds. The essay competition was intended as an opportunity for young writers to assess the legacy of the Ethiopian student movement and revolution, identify the main causes of current predicament(s) facing the country and look ahead to the next 50 years. Through this initiative, the host institutes aimed to provide a national platform for young Ethiopians to discuss and debate the challenges and contradictions facing the country and to propose solutions to make Ethiopia a more peaceful and prosperous nation for all its citizens.

Those wishing to submit an essay were instructed to outline an analysis of their view of the Ethiopian problem(s) and proposed solution(s). Contributions were welcomed from all disciplines and backgrounds and were not expected to be heavily referenced. The call for ideas was advertised on 12 September 2023 (https://ipss-addis.org/call-for-submissions-rethinking-ethiopia-a-call-for-youth-voices/), which coincides with the date that *Atse* (King of Kings) Haile Selassie I was deposed from office. Given internet shutdowns affecting some parts of the country, particularly Amhara region, we sought to ensure equitable representation and participation from across the country. To this end, we assigned focal persons as the primary point of contact in Gondar, Bahir Dar, Dessie and Debre Birhan.

We received more than 40 submissions in four different languages: English, Amharic, Afaan Oromo and Somali. These submissions came from several areas, including Addis Ababa, Oromia, Amhara, Somali, Southwest region and Central region. A panel composed of 4 RVI and IPSS representatives reviewed the submissions based on agreed selection criteria that focused on originality, progressive value and clarity of thought of the proposed recommendations. Ensuring a diversity of voices (societal, sex) was also a key consideration.

The panel then selected 15 contributors, who received mentorship to further refine and shape their essays. The 15 selected semi-finalists received writing mentorship from esteemed Ethiopian scholars: Dr Serawit Debele, Dr Netsanet Gebremichael, Dr Kiya Gezahegn, Dr Mercy Fekadu, Dr Yonas Ashine and Shimellis Hailu. These mentors were selected for their expertise, diverse educational background and capacity, and willingness to work with and mentor the young contributors. After a month-long mentorship process, the mentees submitted their final essays.

The final version of these 15 submissions were reviewed by a four-member group from the RVI and the IPSS to select the 5 best essays for presentation to a wider audience at the seminar in February 2024 and for publication in a range of languages: Amharic, Afaan Oromo, Tigrigna, Somali and English. The same agreed criteria were used to select the essay finalists: originality, progressive value and clarity of thought. We also aimed for gender-balanced group of finalists, with two young women and three young men selected. Among the five finalists, two are undergraduate students in their final year, one is a MA candidate, one is a graduate degree holder, and one is a recent LL. B graduate. Three are based in Addis Ababa, one is from Debre Birhan in Amhara region, and one is from Hawassa in Sidama region.

The seminar on 22 February 2024 was organized with the intention of providing the selected essay finalists an opportunity to present their work to a wider audience. It also intended to solicit reflections on the last 50 years since the 1974 revolution from scholars familiar with relevant social, economic and political issues. The seminar report is published and can be accessed at organising institutions websites [ [https://ipss-addis.org/; https://riftvalley.net/]. This bulletin contains the Tigrigna version of the essays. We are hopeful it would make the essays accessible to a wider audience. We would like to express our gratitude for the essayists and translators and everyone else who made this possible.

## ቤተልሔም ሞላ: ሃገርን ሓሳብን ፦ሙሁራትና/ሊቃውንትና ሎምን ቀደምን

“ሃገር ማለት ሰብ እዩ!” ክንብል ከለና ኣብ ማዓሙቕ ልቢ ሰባት ዝነገሰት መንፈሳዊት ሓሰብ እያ ዝብል ኣምር እዩ ዘመላኽት ብዝብል እምነት እርዕም። ደቂ ሰባት ኣብ ክሊ ዓንኬል ሓሰባቶም ከም ዝነብሩ ኣብ መንፈሳውን ማሕበራውን ዓውዲታት እንትዝንቶ ብዝተፈላለዩ ኣጋጣምታት ንሰምዕ ኢና። ሃገር ከዓ ብርግፅ ደቂ ሰባት ብሕልናኦም ፈጢሮምዋ ክንሳ ሓሰባቶምን መንፈሶምን ኩሉ እትቆፃፀር መስተንክራዊት ኣምር እያ። ሃገርና ኢትዮጵያ ኣብ ሓድነትትዝተፈላለዩ ሓሳባት ተፈጢራ ንወለዶታት ብዘቐፅል መንገዲ እተሃንፀት ንኣሽሓት ዓመታት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተሰጋገረት ዝመፀት ዓዲ እያ። ብፍላይ ግን (ናይ እዚ ፅሑፍ ዋና ትኹረት እውን ዝኾነ) ነቲ ኻብ 1960ታት ኣትሒዙ ሃገርና እናተሃነፀትሉ ዝመፀ ዋሕዚ እንትነስተብህሎ ምጉናይን ግንዛበን ዝወለድዎም ሕቶታት ንህዝቢ ኣበራቢሮም እቲ ንኣሽሓት ዓመታት ንኢትዮጵያ ዝገዝአ ንጉሳዊ ስርዓት ክወድቕ ገይሮምዎ እዮም። ከም ውፅኢቱ ድማ ሶሻሊስት ኢትዮጵያ ተመስሪታ ባህጊ ዋንነት መሬት ሓረስታይ መልሲ ረኺቡ እዩ ። እንተኾነ ግን ብዘባህርር መልክዑ ሓሳብ ናይዚ ቓልሲ ዘበገሱ እንከይተረፋ “ ሰውራና ንደቃ ትበልዕ” ብዝብል ምስምስ ድራር ዓረር ብምዃኖም ፣ዋሕዚ ነፃ ሓሳብ ብኡ ንቡኡ ምኽልካሉ፣ ኣሃዳውን ወታደራውን ስርዓት መሰረት ምሓዙን ኣካላዊ ሃስያን ስደትን ምስፍሕፋሑ ኻልእ ጭቆና/መርገፅቲ ዝወለዶ ናይ ቃልሲ ሓሳብ ክፍጠር ምኽንያት ኮይኑ እዩ። ከም ውፅኢት ድማ ን17 ዓመታት ንእስነቶም ንናይ ቃልሶም መበገሲ ሓሳባት ኣወፍዮም ኣብ በረኻታት ክቃለሱ  ዝወፈሩ ተጋደልቲ ልቢ እቲ ህዝቢ ብምስዓር ስልጣን እንትሕዙ ሃገርና ሊበራል ዲሞክራስያዊት ኮይና ተቐልቀለት። ካብቲ ግዜ እቲ ኣትሒዙ ሂወት ማእለያ ዘይብሎም መናእሰይ ዝበልዐ ስጉምቲ ቐይሕ ራዕድን ፃዕዳ ራዕድን ኣብቂዑ፤ ተዛማዲ ቕጠባዊ ለውጢ እውን ተመዝጊቡ እዩ። ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ እውን እንተኾነ ከምእኒ ዓብዪ ግድብ ህዳሰ ብምጅማርን ናይ ኣዲስ-ኣበባ ማእኸልነት መንበር ሕብረት ኣፍሪቃ ምዕቃብን ዝኣመሳሰሉ ዓበይቲ ዓወታት ተመዝጊቦም እዮም።በቲ ኻልእ ሸነኽ ከኣ ትካላት ማእከላይ መንግስቲ ብሓደ ብሄር ጥራሕ ክዕብለላ ምግባር፣ ኣብ መንጎ ክልላት ምዕሩይ ዘይኮነ ቕጠባዊ ዕቤት ክህሉ ምኽኣሉ ኣብ ካልኦት (ካብዚ ወፃኢ ኣብ ዝኾኑ ኣካላት) ናይ ምጉናይ ስምዒት ፈጢሩ እዩ። ብተወሳኺ ናፃ ዝርጋሐ ሓሳባት ከይህሉ ምእጋድን መንግስቲ ህዝባዊ ጠለባት ኣብ ክንዲ ምምላስ ንምጭፍላቕ ዚገበሮ ፃዕርታት ካብዙይ ሓሊፉ ነቶም ተሪሮም ብሓሳብ ክሙገቱ ዝፈተኑ ኣካላት ድማ ኣደዳ ማእሰርቲ፣ ስቓይን ስደትን ክኾኑ እናገበረ ቐፂሉ። እዙይ ከዓ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናኸፍአ ብምኻዱ ለውጢ ናይ ግድን ኣድላዪ ኾይኑ። እዚ ኸምዚ እናሃለወ ዳርጋ ሙሉእ ኢትዮጵያዊ ክበሃል ብዝከኣለሉ ኣገባብ ዝተሓጎሰሉን ተስፋ ዘምበረሉን እዋን “ለውጢ” 2011 ዓ.ም ተጋሂዱ። ይኹን እምበር እዚ ለውጢ ኸምቲ ብዙሓት ሰባት እተፀበይዎ ማዕረ ተረባሕነት ዘረጋግፅ ዘይኮነስ፤ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ቦታታት ክበሃል ብዝኽእለሉ ኣገባብ ቅትለት፣ዝምታ/ምዝረፍ፣ ውግእ፣ ጥሜት፣ምመዝባል ከምኡውን ምብራዕ ኣብያተ እምነታት መዓልታዊ ዛዕባታት ዜና መርድእ ክኾኑ ገይሩ። ቀንዲ ፍልፍል እዚ ኹሉ ፀገም ደኣ እሞ እንታይ እዩ? ንዝብል ሕቶ ናብ ርእሲ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብቕፅበትዝመፅእ መልሲ ህዝቢታት ኢትዮጵያ ሰዓብቲ ብዙሕ ዓይነት/ዝተፈላለየ ብሄርን ሃይማኖትን ስለዝኾኑ ሓቢሮም ክነብሩ ስለዘይኽእሉን ስለዘይሳነዩን እዮም ዝብል እዩ። ነዚ እውን እዩ ዝመስለኒ ብዙሕ ሰብ ውፅኢት ብረታዊ ቓልሲ ዝኾነ ብሄር ዝማእኸሉ ስርዓት ፌደራሊዝም ከም ዋና ጠንቂ ገይሮም ዝሪኦዎ ።

ብመሰረት እቲ ሐዚ ዘሎ እዋናዊ ሓቂ ሃገርና እትኽተሎ ዘላ ብሄር ዝማእኸሉ ስርዓት ፌደራሊዝም ብዝምልከት ክልተ ሕሉፋት ክፍልታት ሓሳብ ምርኣይ ይከኣል።እቲ ሓደ ኢትዮጵያ ብዘይ ብሄር ዝሕመረቱ ስርዓት ፌደራሊዝም ክትነብር ኣይትኽእልን ክትፈርስ እያ ዝብል ኮይኑ እቲ ኻልእ ድማ ጠንቂ እዛ ሃገር ሀዚ ገጢምዋ ዘሎ ኩሉ ዓፀቦን ፀገምን ብሄር ዝማእኸሉ ስርዓት ፌደራሊዝም እዩ ብምባል ካብኡ ወፃእ ካብ ማእኸልነት ብሄር ሓራ ዝኾነ ስርዓት ፌደራሊዝም ንኽልወጥ ይጉስጉሱ። ኣነ ብኽሊቲኦም ሕሉፋት ሓሳባት ኣይስማዕማዕን እቲምንታይሲ ቐዳማይ ነገር እዛ ሃገር ብቡዝሓት ብሄራትን ብሄረሰባትን ዝቘመት ስለ ዝኾነት ካብዚ ስርዓት ወፃኢ ብዝሓሸ ኣገባብ ብትኽክል ክሰማመዓ ዝኽእል ስርዓት ኣሎ ኣይብልን ምኽንያቱ እዚ ስርዓት ደቂ ሰባት ብመንነቶም ንኽሕበኑ፣ ቋንቋኦምን ባህሎምን ስነ-ምግባራዊ ስርዓታቶምን ንኽማዕብሉ ከምኡውን ናብ ሃፍቲ ቐይሮም ክጥቀሙሉ ዘኽእል ፅቡቕ ዕድል ዝኸፍት ስርዓት እዩ። ኣብ ርእሲ እዚ ሓደ ማሕበረሰብ ጉዳይ መንነትካ ዘንጊዕኻ ብኣቀማምጣን ኣቃውማን ሓደ ቦታ (ጂኦግራፍያዊ) መንገዲ እተወደበ ዜጋ ኩን ስለዝተብሃለ ጥራሕ ሰላም ክመፅእ ኣይኽእል። እኳደኣስ ከም ብሓዱሽ ካብ ባዶ ክንብገስ ዝገብርን ናብ ኣዝዩ ፅንኩር ጎንፂ ከእትወና ዝኽእል ይኸውን። እንተኾነ ግን ኣብ ፈደራላዊ ስርዓተ መንግስቲ ክቕየሩ ዝግበኦም ጊዜ ዘይህቡ ነገራት ከም ዘለዉ ንፁር እዩ። በዚ መሰረት እቲ ዘሎ ጭቡጥ እዋናው ኩነታት ኣብ ግምት ዘእተዉ ነቲ ሀዚ ዘለናሉ ፀገም መፍትሒ ክኾኑ ዝኽእሉ ክልተ ሓሳባት ኣለውኒ።

1) ብሄር ዝማእኸሉ ስርዓት ፌደራሊዝም ምስ ምውህሃድ ባዕላዊ ፍልጠትን ግንዛበን ኣቓልቦ/ትኹረት ክንገብረሉ ይግባእ ዝብል  ሓደ ናይ መፍትሒ ሓሳብ እዩ። ከምቲ ዝፍለጥ ቅድሚ ኣብዮት/ሰውራ እውን ከይተረፈ ኣብ እተፈላለየ እዋናት ቐዳሞት ኣቦታትን ኣዴታትን ንኣተሓሳስባ ዓለም ብዝተረደኦም ልክዕ ተቐቢሎም ንሃገራዊ ህንፀትን ንህዝባዊ ምምሕዳርን ተጠቒምምሉ እዮም። እንተኾነ ግን እቶም ቀዳሞት ኢትዮጵያውያን ካብ ወፃኢ ሃገራት ሓሳባት እኳ እንተተለቀሑ ካብታ እተለቅሕዋ ሃገር ብዝበለፀ መገዲ ኣማሓይሾምን ኣማዕቢሎምን

ኣካል መዓልታዊ ናብራ ሕብረተሰብ ብምግባር ንወሎዶታት ከምዝሰግር ጌርካ ናይ ምዕቃብ ፍሉይ ተውህቦ ነይርዎም እዩ። ሀዚ እቶም ኣብዚ ግዜና እንጥቀመሎም ዘለና ኸም ዲሞክራሲን ብሄር ዝማእኸሉ ፌደራላዊ ስርዓት ዝኣመሳስሉ ስነ-ሓሳባትን ዛዕባታትን ፈለማ ባዕልና ብትኽክል ብምርዳእ ቀዊሉ ብዝተረደእናዮ ልክዕ እቲ ማሕበረሰብ ክርደኦ ብምግባር ካብቲ ግጉይ ርዲኢት ክነቅል ዝኽእል ቅልውላው ምሕላው ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ኢለ ይኣምን። ብተወሳኺውን እዞም ሓደሽቲ ሓሳባትኣብቲ ማሕበረሰብ ክሰርፁን ጋሻ ሓሳባት ካብ ምዃን ወፅዮም ነቲ ማሕበረሰብ ብዝጠቕሙሉ መንገዲ ናይ ገዛእ ርእሱ ስርዓት፣ባህልን ልምድታትን ናብ ዝኾኑሉ ብርኪ ክዓብዩን ብምግባር ምስ መትከላት እቲ ማሕበረሰብ ክወሃሃዱ ብዘኽእል ኣገባብ ፅንዓትን ምርምርን ምክያድ የድሊ። ብሓፈሻ ኣብ ግዜና ማሕበረሰብ ኢትዮጵያ ከም ማሕበረሰብ ዓቂቡ ንዘመናት ከሳግር ዝኽእል ስርዓት ንምህናፅ ብሓባር ክንዓዪ ኣሎና ። ንዙይ ከዓ እቲ ኣብ 1960ታት ዝነበረ ምንቅስቓስ ተምሃሮ ብዛዕባ ብሄር ዝማእኸሉ ስርዓት ፌደራሊዝም ሓሊንዎ ዝነበረን ሀዚ በፂሕናዮ ዘለና ኩነታትን ብምርኣይ ኣበይ ከም ዝተጋገና ክንርዳእ ምፍታን ከም ሓደ ዓብዪ ስጉምቲ ምውሳድ ይከኣል። ማለት እውን ኣብቲ እዋን ዝነበረ ቓልሲ ማዕርነት ክሰፍንን ጭቆና ሓደ ብሄር ንኽኣሊ ዝተገበረ ምንባሩ ኩልና ብዘይ ኣፋላይ ዘስማዕምዐና ዛዕባ እኳእንተኾነ ዋና ሓሳቡ ግን ከምዚ ሀዚ እንሪኦ ዘለና ብሄር ብሄረሰባት ብዓይኒ ጥርጣረ ክጠማመቱን ዓብላላይነት ሓደ ብሄር በቢእዋኑ ብኻልእ እናተተከአ "ሶማል ረጊፁ ክገዝኣኪ እዩ"፣ "ዓፋር ረጊፁ ክገዝኣኪ እዩ"፣ "ሃመርረጊፁ ክገዝኣኪ እዩ" ወዘተ. ንኽንበሃሃል ኣይነበረን። ናይዙይ ነፀብራቅ ኣፍቲ ግዜ ካብ ዝነበሩ ሓሳባት ዝኾነ *"on the question of nationalities"* ብዝብል ቴማ ዝተፅሓፈ ድርሳን ዋልልኝ መኮነን ምርዳእ ይከኣል። ኣፍቲ ፅሑፉ ዋለልኝ ***"....it is not only the right but the duty of the most conscious nationality to first liberate itself and then assist others in the struggle for total liberation."*** ይብል። ጥቐሉል መልእኽቱ እንትረአ ኣብ ዝሐሸ ኣስተብህሎት ዝርከብ ሓደ ብሄር ፈለማ ናይ ባዕሉ ረብሓን መሰልን ድሕሪ ምርግጋፁ ንኻልኦት ብሄራት መሰሎምን ረብሓኦምን ንሽኽብሩ ምሕጋዝ ሓላፍነቱ ጥራሕ ዘይኮነስ ሕልናዊ ግዴታኡ ምዃኑ የብርህ። ካብዙይ ሓደ ብሄር ነቲ ኻልእ ሓጋዚኡን ደጋፊኡን ብምዃን ሓቢሩ ምዕባይን ጠንካራ ሃገር ምፍጣርን ኣብ ዝብል ኣምር ከም ዝድረኽ ክንርዳእ ንኽእል ኢና ። ስለዚ ብዛዕባ ብሄር ዝማእኸሉ ፌደራላዊ ስርዓት ዘሎ ኣተሓሳስባ ብኣግባቡ ኽንርድኦን ንቕሓትና ክዓቢ ምግባር ኣገዳሲ እዩ ።

2) ማእኸላይ መንግስቲ ፌደራል ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ዝርከቡ ኩሎም ብሄራትን ብሄረሰባትን ሓባራዊ ትካል ዋሕስ ማዕርነቶምን ደኣ እምበር ናይ ሓደ ብሄር ዓብላልነትን መስርሕ መዋፀኢ ቂምን ምዃኑ ከብቅዕ ኣለዎ። እዚ ዝኾን ከዓ መንግስቲ ናይ ሓበርን ውልቀን ሰብኣዊ መሰላት ብዝተመጣጠነን ምዕሩይ ብዝኾነ መልክዑን ምኽባርን ምውሓስን ብዘኽእል ኣገባብ ብብርኪ ፖሊሲ ተቐሪፁ ኣብ ተግባር ክውዕል እንከሎ እዩ ። ስለዚ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ንገዛእ ርእሶም ብዓርሶም ከማሓድሩ፣ብብቛንቋኦም ሓሰብ ንሓሳብ ክለዋወጡን ክመሃሩን ዕዮኦም ከሳልጡን ዘኽእሎም መሰል ክህሉን ክኽበረሎምን ምግባር ብኡ ልክዕ እውን ዉልቀሰባት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብዘይ ምንም ከልካሊ ተንቀሳቒሶም ሰሪሖም ጥሪት ከፍርዩን ክነብሩን ዘኽእሎም መሰል ብኣግባቡ ዘውሕስ ድልዱል ማእኸላይ መንግስቲ የድሊ ። ኣብዚ እዋን እንዕዘቦ ዘለና ቅልውላው ዋላ እኳ ብስም ብሄር ብዝተወደቡ ኣካላት ዝፍፀም ዘሎ እንተኾነ ብሸነኽ መንግስቲ ሰብኣዊ መሰላት ዜጋታቱ ከኽብር ዘይምኽኣሉ ዘመላኽት ኩነት እዩ። ሓደ ኣምሓራይ ይኹን ኦሮሞታይ ክሳዕ ናይ ኢትዮጵያ ክፋል ግዝኣት ዝኾነ ናብ ካልእ ክልል ኣትዩ ብምስራሕ ንብረት ኣፍርዩ እንትነብር ስግኣት ካልእ ብሄረሰብ ዝኾነሉ ምንም ዓይነት ኣምኽንዮ ክህሉ የብሉን። ይኹን እምበር ቋንቋ ናይቲ ዝኸዶ ኣከባቢ ህዝቢ ምፍላጥን ባህልን ልምድን እቲ ማሕበረሰብ ከኽብርን ክሕሉን ብተወሳኺ እውን ናይ መሰሎም ከኽብር ግዴታኡ ይኸውን። ካብዙይ ወፃኢ ዘርኡን ዓሌቱን ተቐፀሩ ዝቕተል እንተደኣኾይኑ መንግስቲ ንመሰል እዚ ዜጋ ደው ክብልን ክከላኸለሉን ይግባእ። ስለዚ ክልቲኦም ፀግዒ ዝሓዙ ሕሉፋት ሓሳባት ዘለዎም ኣካላት ናብ ማእኸል መፅዮም ናይ ጉጅለ መሰል ማዕረ ይኸውን ምስ ናይ ውልቀ መሰል፤ ብኻልእ ኣበሃህላ ናይ ዜጋታት መሰል ማዕረ ይኸውን ምስ ናይ ብሄረሰባት መሰል ናብ ዝብል ሓበራዊ መረዳደኢ ክመፁ ኣለዎም።ብምዃኑ መሰል ውልቀሰባት ዝረግፅ ብሄር ዝማእኸሉ ስርዓት ፌደራይ ልክዕ ከምዘይኮነ ኹሉ መሰል ብሄርብሄረሰባት ዝረግፅ ካልእ ዓይነት ስርዓት ፌደራሊዝም እውን ልክዕ ክኾን ይኽእል እዩ ኢለ ኣይኣምንን። መሰላት ውልቀን ጉጅለን ኣጠዓዒምካ ምምራሕን ሰላም ምውሓስን ዝከኣል ትካላት ማእኸላይ መንግስቲ ሞያ ስነምግባር ዝወነኑ፣ ንሕልናኦም ተገዛእቲ ኾይኖም ኣብ ማዕርነትን ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ዘየጠራጥር እምነት ዘለዎም ብፅኑዕ ድስፒሊን ዝምረሑ ኪኢላታት ዝቈማ እንተ ኹይነን ጥራሕ እዩ። ከምዚ እንተዘይኮይኑ ናይ ክልል መንግስታት ብብሄር ተወዲቦም ማእኸላይ መንግስቲ እውን ከምኦም ብሄር ማእኸል ዝገበረ ውዳበ እንተኾይኑ ሀዚ እውን እንተኾነ ፀገምና ቀፃሊ ካብ ምዃን ዝዓግቶ ነገር የለን። ብኻልእ ኣበሃህላ ኣብ ውሽጢ ብብሄር ዝማእኸሉ ስርዓት ፌደራሊዝም ዝምራሕ ማእኸላይ መንግስቲ ናይ ባይቶ ወንበር ዝትሓዝ ካብ ዝተፈላለዩ ብሄራት ብዝመፁ ተወከልቲ ብምዃኖምን ስልጣን መሪሕነት እውን ካብ ሓደ ብሄር ብዝመፀ ሰብ ከምዝተሓዝ ርዱእ እንተኾነን ናብ ጉዳይ ማእኸላይ መንግስቲ እንትንመፅእ ግን ንኹሉ ብማዕረ ጠጠው ዝበለን ኣብ ድልዱል መሰረት ሃገርን መንግስትን ዘተኮረ መሪሕ ሓሳብ ተደሪኹ ናይ ማእኸል ፖሊሲ ወይ እውን ምስ ተሓታትነት ዝተዛመደ መምርሒ ክህሉ ይግባእ። እንተ ዘይኮይኑ ከምቲ ኢህወደግ ኣብ ዝነበረሉ

እዋን ‘’ትግራዋይ እዩ ረጊፁ ዝገዝአኪ” እናተብሃልና ዝነበርና ሀዚ እውን ኣብ መዋእል ብልጽግና ‘ኦሮሞ እዩ ረጊፁ ዝገዝአኪ’ እናተብሃለ እቲ ህዝቢ እውን እንተኾነ ከም ቁምነገር ቖፂሩ “ ቐፂሉ ኸ መን እንተዝገዝእ ደስ ይብለካ?” እናተባሃሃለ ተስፋ ብዘቑርፅ ኣገባብ ቐፂሉ ንዝመፅእ ረጊፁ ገዛኢ እናማረፀ ምህውታቱ ከይኣክል ትካል ማእኸላዊ መግስቲ ብሕድሕድ ብሄራት በብሪጋ እናተትሓዘ ግፍዒ ዝስረሐሉን ንዘይፍትሓዊ ተግባራት መሰረት ዚኸውንን መድረኽ ኾይኑ እንተቐፂሉ ናይ ግዜ ጉዳይ እምበር እታ ዓዲ ፋሕ ብትን ኢላ ናብ ንእሽቶን ደካማ ሃገር ምውራዳ ዘይተርፍን ምዃኑ የመላኽት። ክሻዕ ሐዚ ብዘለኒ ግንዛበ ዝኾነ ይኹን ብሄር ዋላ ንመንነቱ ሕሉፍ ፍቕሪ ይሃልዎ ንምፍርራሕ ተዘይኮይኑ ተሸፋፊሉ ናብ ኣናእሽተይ ሃገራት ክወርድ ካብ ልቡ ዝብህግ ከምዘየሎ ግልፂ ዝኾነልና ይመስለኒ። ስለዚ ናይ ክልል መንግስታት ንመሰል ብሄረሰቦም ደው ዝበሉ ዋላ ይኹኑ ኣብ ውሽጦም ክፍጠር ንዝኽእል ብመሰረት ብሄሩ እናለለኻ/እናፍለኻ ዝፍፀም ጥቕዓት ተሓተቲ ከም ዝኾኑ ብዝገብር ናይ ሕጊ መቓን ምርግጋፅ እንትከኣልን ብፍቕርን ፅልእን ሓደ ብሄር ዘይዓወሩ እኳደኣስ ሓላፍነት ዝስመዖም፣ ኣብ ማዕርነት ኵሎም ህዝብታት ብፅኑዕ ዝኣምኑ፣ ሓቅን ሓሾትን ዘይዋቐዖም፣ ብተሪር መርሓ ስነምግባር ዝግዘኡ መራሕትን ኣገልገልትን ትካላት ማእኸላይ መንግስቲ እንትህልዉና እቲ ሃረር እንብሎ ሰላም ክንረኽቦ ንኽእል ኢና ። እዙይ እንትኾን ኣብ ሃገርና ሓቢርና ክንነብር ከለና ዋላ እኳ ብዙሓት ዘየሰማምዑና ጉዳያት እንተዘይተስኣኑ እንተወሓደ ነኒባዕልና ኣይክንቀታተልን ኢና ማለት እዩ ።

እሞኸ ደኣ እዙይ ንምትግባር ዘኽእል መንገዲ ኣየናይ እዩ? ካበይከ ንጀምር? ዝብሉ ሰዓብቲ ሕቶታትና ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ከም ከማይ ካብ ዘለዉ ብዙሓት መንገድታት ግደ ሊቃውንትና ዝምልከት ዛዕባ ኣብዚ ፅሑፍ ከትኵረሉ ዝደለኽዎ እቲ ቀንዲ ጉዳይ እዩ። ኣብዚ እዋን ዘለዉ ምሁራት/ሊቃውንቲ ካብ ዝሓለፉ ሊቃውንቲታት ብዙሕ ክመሃርዎም ዝኽእሉ ነገር ክህሉ ይኽእል እዩ ኢለ ይሓስብ። ምኽንያቱ ንዲሞክራስያዊት ኢትዮጵያ መሰረት ዘንበረ ናይ 1960ታት ቓልሲ ምሁራን እንትንዝክር እቲ ዝገርም ነገር ንመንግስትን እሱ ዘቐሞ ስርዓትን ብምንቃፍን ብምቅዋምን እኒ“መሬት ንሓራሲኡ”፣ ” ናብራ ድኻ ከተመታይ ምምሕያሽ”፣” ማዕርነት ብሄርብሄረሰባት ምርግጋፅን” ካልኦት ተዛመድቲ ሕቶታት ተዓጢቖም በቢመድረኹ ዝወደቑ፣ ዝተኣስሩ ኢሉ እውን ዝተቐተሉ ምሁራን ኣብ ናይ ውልቂ ናብራኦም ምንም ዝሰኣንዎ ነገር ኣይነበረን። እኳደኣስ መብዛሕቲኦም ኣብ ማሕበረ-ኢኮኖሚ ዝነበሮም ርሁው ፀፍሒ ራሕሪሖም ዝነበሮም ዝተሳኸዐ ሂወቶም ምእንተ ሓርነትን ዝሐሸ መነባብሮ ህዝቦምን መስዋእቲ ገይሮም ምዃኑ እዩ። ፅቡቕ መነባብሮ ክነብሩ ተኽእሎ እናሃለዎም ከይሰሰዑ ዝወደቑ ናይ 1960ታት ቃልሲ መሪሕ ኮኾባት እንትንዝክር፤ ንሕና እሶም ብዝሓለንዎ ፅባሕ ዲና ዘለና? ዝብል ዛዕባ ሓቢሩ ክነልዕሎ ዝግበአና ጉዳይ እዩ። መሰረት እቲ ናይ ፈለማ ምንቅስቓስ ተምሃሮ ንሃገረይ እንታይ ክገብረላ?ን ህዝብና ካብዙይ ዝሐሸ ይግበኦ ዝብል ርዲኢት እዩ ነይሩ። ኣብ 1960ታት ዝነበሩ ተምሃሮ በቢመድረኹ “መሬት ንሓራሲኡ“ እንትብሉ ነቲ ሓረስታይ ካብ ልቦም ሓዚኖምሉን ካብዚ ዝሐሸ ይግበኦ እዩ ብምባል እዩ ነይሩ። በቲ ኻልእ ሸነኽ ግን ሎሚ ዘሎ ምሁር መብዛሕቲኡ ዓርሱ ካብ ማሕበረሰብ ንላዕሊ ሰቒሉ ዝርእን ኩሉ ፀፀቡቑ ንኡኡ ጥራሕ ከምዝግባእ ገይሩ እዩ ዝሓስብ። እንተዝኾን እማ “መሬት ንሓራሲኡ“ ዝብል ናይ ሓሳብ ልዕልና ስዒቡ “መንገዲ ንሓረስታይ“፣“መብራህቲ ንሓረስታይ“፣“ፅሩይ ዝሰተ ማይ ንሓረስታይ“፣ “ ቀረብ ማእኸል ጥዕና ንሓረስታይ“ እናበለ ምቐፀለን ንስለ ዝሐሸ መነባብሮ ሓረስታይ ደው ምበለን ነይሩ። ከምኡ ድማ እቲ ናይ ሓሳብ ልዕልና በቲ ዝነበሮ መጠን ሀዚ እውን እንተዝቕፅልን እቲ ወለዶ ናይ ሓረስታይ ይኹን ከተመታይ ዘሎ ማሕበረ-ቁጠባዊ ፀገማት ንምፍታሕ ትኹረት ሂቡ እንተዝዓዩ ብሄር ዝማእኸሉ ስርዓት ፌደራሊዝም ንበይኑ ፀገም ኣይምኾነናን ነይሩ ። ብምዃኑ እውን ኣብዚ ግዜ ሓረስቶት ዓድና ኣብ ከቢድ ፀገም ኣእትይዎም ዘሎ ዋሕዲ ዝርጋሐ ትሕተ ቅርፃን ካልኦት ድሑር ዓውዲ ግብርና ዝወለዶም ፀገማትን ንምፍታሕ ካልእ እንተቀረየስ ብምግቢ ዓርስና ዝኸኣልና ህዝብታት ንምዃን እንተወሓደ ማእኸላይ መሳለጥያ ማሕረስ ክኾኑ ዝኽእሉ እታወታት እኳ ብሊቃውንቲ ሞያ ምህንድስና ተሰሪሖም ናብ ሕድሕድ ገባር ክባፀሑ ይግባእ ። ነቲ ገባር ጥራሕ እንተይኮነ ብምኽንያት ናህሪ ዋጋ መነባብሮ ፣ ስእነት ስራሕን ካልኦት ብድሆታትን ናብራ ኽቢድዎ ብቢመዓልቱ ንናይ ስነ-ኣእምሮ ቅልውላውን ካልኦት ፀገማትን ተሳጢሑ ዘሎ ከተመታይ ሩፍታ ዝህብ ማሕበረ-ቁጠባዊ መፍትሕታት ንምምፃእ ለይትን ቀትርን ብምፅዓር ሙሁራትና መርኣያ ክኾኑ ይግባእ ። እንተኾ፥ነ ግን ኣብታ ሃገር ንዘለዉ ግድላት ስምዒት ዋንነት ተሰሚዕዎም ናይ መፍትሒ ሓሰብ ኣብ ክንዲ ምንዳይ ገልገሊኦም ኣብቲ ንሓበራዊ መነባብሮ ዝጠቅም ዛዕባ ብፅሒትካ ምውፃእ ዝብል ንጎኒ ብምግዳፍ ናይቲ ፀገም ቀንዲ ተዋሳእቲ ይኾኑ። ሓደሓዲኦም እውን መፍትሒ ሓሳባት ሒዞም መፅዮም ተባሂሎም ትፅቢት እንትግበረሎም ኣብ መስገደላት እቶም ፀለውቲ/ ቀንዲ ፖለቲካዊ ኣካላት/ኤሊት ወዲቖም ትረኽቦም። እቶም ካልኦት ድማ እቲ ጉዳይ ተስፋ የብሉን ተባላሸዩ እዩ በቃ ሓዲኡ ይኹን ብምባል ሱቕታ እንትመርፁ እቶም ዝተረፉ ከኣ ኣብ ነብሶምን ውልቃዊ ረብሓኦምን ጥራሕ ብምድሃብ ምንም ከምዘይተፈጠረ ዓይኖም ዓሚቶም ከምዘይረኣዩ ብምሕላፍ እቲ ኣምሂሩ ናብዚ ዘብቀዖም ማሕበረሰብ ክረኽቦ ዝግበኦ መፍትሒ እንከየምፀኣሉ ጉዕዞኡ ይቕፅል። ስለዚ ሀዚ እውን እንተኾነ ካብዚ ብላዕሊ ዋጋ ከይንኸፍልን ናብ ዝገደደ ፀገም ክይንሳጣሕን ምሁራንና ንዘለዉና ፓለቲካዊ ብድሆታት ንወንበር ካብ ምሽቅድዳም ወፅዮም እቲ ህዝቢ ሓቢሩ ክነብረሉ ዝኽእል ኣብ ፍልጠት ዝተመስረተ መፍትሒ ሓሳብ ኣብ ምንዳይ ብምትኳር ሚዛናዊ ኮይኖም ክርከቡ ይግበኦም ። ስለ ዝኾነ እውን ምሁራት እዚ ዘበን ልክዕ ከምቶም ዝሓለፉ ምሁራት እጃሞም ክዋፀኡ ካብ ሀዚ ጀሚሮም ዝለዓለ ፃዕሪ ክገብሩ ኣለዎም። ካልእ እንተተረፈስ ኣብዚ እቶ ዝበሃል ውፅኢት ፍልጠት ዝኾነ መፍትሒ ሓሰብ ብምቕራብ ሸክሚ እቲ ህዝቢ እንተዘየቕለልና ኣብቲ ካብ ሕድሕድ

መቐነት ኢትዮጵያውያን ተዋፂኡ ብመልክዕ ግብሪ ዝርከብ ኣታዊ መሃያ እናተኸፈልና ኣብ ሕድሕድ እንሰርሐሎም ኣብያተ ዕዮታት ግዕዝይናን ብልሹው ኣሰራርሓን ብምዝርጋሕ ሸኽሚ ህዝቢ ካብ ምኽባድ ተኣንዲብና ንዕብየት ሃገርናን ህዝብናን ዝለዓለ ኣበርክቶ ክንገብር ንኽእል ኢና። ነዚ ንምግባር ከኣ እተን ምሁራት ዘፍርያ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ/ዩኒቨርሲቲታት ንዓውዲ ኣገልግሎት ማሕበረሰብ ልክዕ ከምቲ መመረቒ ፅሑፍ ቐንዲ ረቛሒ ኺገብራኦ ኣለወን። እዚ ድማ ነቶም ምሁራት ኣብ መሬት ዘለዉ ፀገማት ኣዕሚቖም ክርደኡ ተኽእሎ ስለዝፈጥርን ዝሐሸ ፍታሕ ንኸማዕብሉ ኣጋጣሚ ስለዝኸፍተሎምን እዚ ዕድል ተጠቒምም ሓዱሽ መፍትሒ ሓሳብ ምንዳይ ከም ቀንዲ ውፅኢት ትምህርቶም ክኸውን ይግበኦ።

ብሓፈሻ ብናተይ ኣረኣእያ ንዚ ኹሉ ሕንፍሽፍሽን ቅልውላውን መፍቲሒ ክርከብ ዝኽእል ምሁራን ናብ ልቦናኦም ተመሊሶም ነቲ ሕብረተሰብ ካብ ምውቃስ ወፅዮም ዓርሰ ግምገማን እርማትን እንተገይሮም እዮም ይብል። ብኣጉል ውድድርን ንፅፅርን ተፀሚዶም ሕብረተሰቦም እናካፈሉ ካብ ዝውዕሉ ኣብ ሳእኒ ካልኦት ብምኧኳን ኣነ ንሕብረተሰበይ እንታይ ክገብር እኽእል? ብኸመይስ ሓላፍነተይ ክዋፃእ እኽእል? ዝብሉ ሕቶታት ኣዕሚቖም ብምስትንታን ዝፍጠሩ ፀገማት ደም ተወሰኽቲ ዜጋታት እንከይከዓዉ ክፍትሑ ዝኽእልሉ ኣገባብ ኣብ ምንዳይ ብዕቱብ ክሰርሑ ክኽእሉ ኣለዎም። ኣብ እተዋፈርሎም ዓውድታት ሰላምን ዕብየትን እታ ሃገር ብዝሕሉ ኣገባብ ሞያዊ ግቡኦመ ክዋፀኡ ኣለዎም። ነዚ ንምግባር ከኣ ንኹሉ ክፋል ሕብረተሰብ ናተይነት ተሰሚዑና ንዓርስና ግልፂ ኾይንና ከከም ክእለትና ኣካል መፍትሒ ብምኳን ሃገርናን ሕብረተሰብናን ካብ ናይ ደገ ተፀባይት ሓራ ንምውፃእ ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ንምግባር ክንፅዕር ኣለና። ስለዚ ናብ ወለዶታት ክሳገር ዝኽእል ዕዮ ምዕያይ እቲ ቀንድን ዓብዪ ጉዳይናን ክኸውን ይግበኦ። ካብቶም ቀዳሞት መምህራን ትብዓት፣ ፅንዓትን ድንጋፀን ክንወርስ ከምኡውን ልክዕ ከምኦም ኮይና እታ ዝበለፀት ሃገር ንኹሉ ኢትዮጵያዊ ክነውርስ ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ኣለና። እዚ ኸኣ ሓደሸቲ ሓሳባት ምስቶም ልሙዳት ዛዕባታት ብምውዳድ፤ እቶም ሕላገትሓቢርካ ምንባር ዝኾኑ ክብርታትና ብምጉላሕ ስረመሰረት ኢትዮጵያ እንከይበረዝና ስግግር ምግባር፤ ንዚቕጽል ወለዶ ንምትሕልላፍ ዘለዎ ኣገዳስነት ዘጉልሕ መፅናዕቲን ምርምርን ከምኡውን ማሕበራዊ ፈተነ ምትግባር፤ ወለዶ ብፍላይ ከኣ እቲ ምሁር ንሃገሩን ንወገኑን ክብርን ሓልዮትን ክህልዎ ምግባር ንፅባሕ ዘይበሃል ጉዳይ ኮይኑ ብተወሳኺ ኣውንታውን ጥዕና ዘለዎም ሓሳባትን ፈለማ ኣብ ባዕልና ቀፂሉ ኣፍቲ ሕብረተሰብ ንምስራፅ ብዘኽእል ኣገባብ ክትግበር ይግባእ።

## ላመስግነው ነጋልኝ: ንኹሉ ዝውክል ፕሬዝዳንት፣ናይ ነፍሲ ወከፍ ድምፂ ዝስመዐሉ መረፃ፦ ምምሕያሽ ምሕደራን ስርዓተ መረፃን ንዓብላላይነት ብሄር ዝማእኸሉ ስርዓት ዝወለዶ ሽግር ኢትዮጵያ ብኸመይ ክፈትሖ ይኽእል?

ፅልዋ ብሄር ዝማእኸሉ (ኤትኖክራስያዊ) ምሕደራ ኢትዮጵያ ኣብ መዓልታዊ ህይወት ወለዶታት ዘሎዉ ተጓንፎታት ብምርኣይ ምግንዛብ ይከኣል። ካብቲ ንኣምሓርኛ ከም ወግዓዊ ቋንቋ ብፍሉይ ኣፍልጦ ዝህብ እዋን ሃፀያዊ ስርዓት ነቢሩ ንደቂ ብናይ ኣምሓርኛ ስማት ምስያም ኣድላይነቱ ዝተሰምዖ ዓቢ ኣቦሓጎይ (ስዒቡ ብዝመጸ ወለዶ እውን እንቶኾነ ዝቐፀለ ኣንፈት) ጀሚረ ክሻዕ ብመንነት ኦሮሞ ዝኾነት ኣደይ ህ.ወ.ሓ.ት (TPLF) ዝሃነፀቶ ብሄር ማእኸሉ (ኤትኖክራስያዊ) ዝገበረ ስርዓተ ምሕደራ ብምምዝማዝ ኣብ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮታት ዝሐሸ ኣገልግሎት ንምውሓስ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን ዘጥረየቶ ክእለት ቋንቋ ትግርኛ ብስትራተጂካዊ ኣገባብ ክትጥቀመሉ እንከላ እንተስተብህል እዚ ስርዓት እዚ ክንደየናይ ንመገዲ ህይወትና ከምዝፀለዎ ንምግንዛብ ኪኢለ። ሎሚ ኣዕሩኽተይ ኣብ ቋንቋ ኦሮምኛ ብዘለዎም ውርፁፅ ክእለት ኣብ ውሽጢ መሓውራት መንግስቲ ተጠቀምቲ ክኾኑ እንከለዉ ካልኦት ድማ ነቲ ቋንቋ ክዛረቡ ብዘይምኽኣሎም ዕንቅፋታት እንትገጥሞም እንትዕዘብ ኢትዮጵያ ዘላቶ ዓብላላይነት ብሄር ዝሕመረቱ (ኤትኖክራስያዊ) ስርዓት ዝወለዶ ዕንክሊል ዘይጭበጥ ኣምር ዘይኮነስ ንኹላትና ዝፀሉ መዓልታዊ ክውንነት/ሓቂ ምኳኑ ይገሃደለይ።

ሕጂ እውን እንተ ኾነ እዚ ክውንነት/ሓቂ ኢትዮጵያ ናብ ማዕርነት ኣብ እትገበሮ ዘላ ጉዕዞ ዘሎኒ ኣረኣእያ እናፀለዎ ይርከብ። ኣብ ኢትዮድያ ንማዕርነት ኣብ ዝግበር ቃልሲ ብስርዓት ዓብላላይነት ብሄር ዝድረኽ፣ ኣብ መንጎ ሓቖፍነትን ኣግላላይነትን ቀፃሊን ዘየቋርፅን ውግእ ዝተመልአ እዩ ነይሩ። ንኣገደስቲ ፍፃመታት/ህሞታት ታሪኽ ንድሕሪት ምልስ ኢልና ምርኣይና ኣብ ውሽጢ እዞም ህሞታት ዝህልዉ ብልጭ ዝብሉ ጩራታት ተስፋ ክንግንዘብን ኽንመሃረሎምን ይሕግዘና።

ኣብ ሃገርና ማዕርነት ንምርግጋፅ ዝተገብሩ ብርክት ዝበሉ ቃልስታት ዋላ እንተሃለዉ ፣ ካብቲ ኣብ 1960ታት ዝነበረ

ምንቅስቓስ ተመሃሮ ንላዕሊ ጎሊሆም ዝረኣዩ ክፋላት ግን ውሑዳት እዮም። እዞም መናእሰያት ምንም እኳ ዝተማለአ ርሁው ናብራ ዝነበሮም እንተኾኑ በዚ ራህዋ እዚ ንኽታለሉ ግን ፍቓደኛታት ኣይነበሩን፣ ኣብ ክንድኡስ ንሶሻሊስታዊ ማዕርነት ናብ ግሁድ ሓቂ ብምስግጋር መንነት ኣብ ክሊ ዜግነት ዝሸበበ ሓፁር ዕሾኽ ናብ ዘይኾነሉ ኩነታት ብምቕያር ናይ ዝተቓለስሉ ሕብረተሰብ ሱቕታ ዝሰብር መቓልሕ ድምፂ ኾይኖም እዮም (ቃሲም, 1985)። መሬት ዳግም ንምክፍፋልን ሓቛፋይ ስርዓት ንምግሃድን ዝገበርዎ ኩለ-መዳያዊ ምንቅስቓስ ካብ ማዕበል ንላዕሊ ሓይሊ ዝነበሮ ብምኧኑ ንጉሳዊ ስርዓት ብምውዳቕ ሃገር ንኽትልወጥ ኣኽኢሎም እዮም (ቃሲም,1985)። ውፅኢቶም ዝረአ ኣብ ፍሉይ ገንዘባዊ ረብሓ ኣይኮነን። እኳደኣስ ኣብ ወረቐት ምስክር ልደት ካብ ዝሰፈረ ዓሌታዊ ቀለም ወፂኡ ኣብ ናይ ሓባር ኣርማ ሰብኣውነት እንትድረኽ እዩ።

ብ1966 ዓ.ም ዝተኻየደ ስርዓት ጉልታውነት ዝኣለየ ቓልሲ ኢትዮጵያ፤ ነቲ ካብ ጉዳይ ዋንነት መሬት ዝነቅል ፅንኩር ዘይምዕሩይነት ንምፍታሕ ትኹረት ሂቡ ዝዓየየ ነይሩ። መሬት ንሓረስቶት ዳግማይ ንምምቕራሕ ዝተወስደ ራእያዊ ውሳነ ካብ ተራ ሕጋዊ ምምሕያሻት ሓሊፉ ሓረስቶት ዝግበኦም መሬት ንምሃብን ብመሰሎም ተጠቀምቲ ንምግባርን ዝተወሰደ ቆራፅ ስጉምቲ ዝሕግዝ ኮይኑ ደው ኢሉ። ይኹን እምበር ድሕሪ እዚ ተባዕ ስጉምቲ ዝመፀ መሰረታዊ ለውጢ ዘስዓቦ ሳዕቤን እንትንርኢ ነባሪ ማዕርነት ንምርካብ ከጋጥሙ ዝኽእሉ እተሓላለኹ ብድሆታትን ፀገማትን ዘመላኸት እዩ። ብሄራዊን ስነ-ሓሳባውን ማሕበራውን ወጥሪታት ተቐልቂሎም፣ ነቲ ዝፀንሐ መዋቕር ሓደ ስርዓት ምፍራስ ብቐጥታ ዝያዳ ቅንዑን ፍትሓውን ስርዓት ንምህናፅ ዘረጋግፅ ኣይኮነን ዝብል ኣተሓሳስባ ዘጉልሕ እዩ (ቃሲም,1985)።

ምቕራፅ እቲ እተፈላለየ ብሄራትን ቋንቋን ሃይማኖትን ከም ዘሎ ኣፍልጦ ዝሃበ ቕዋም 1979 ዓ.ም. ካልእ ኣገዳሲ ስጉምቲ ሓቋፋይነት ነይሩ። ንማዕርነትን ክቡር ማሕበረሰባዊ ባህግን ዘለዎ ቆራፅ ተወፋይነት ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበሩ መግለላይ ስርዓታት ብዓብይኡ ሓዱሽ ኣንፈት ዝሓዘ ምኧኑ ዘመላኸት እዩ (የኢሕዴሪ ሕገ መንግሥት, 1979)። ይኹን እምበር ክስታት ልዕልና ኣምሓራ ቀፂሉ ዝተወሰኑ ዕጡቓት ውድባት “ዓብላልነት ኣምሓራ” ዝብል ጭርሖ ከም መሳረሒ ምልዕዓል ምምዝማዞም ኣየቋረፁን፤ እቶም ምንዮታትን ባህግታትን ብግልፂ ንምርግጋፅ ድማ ዘፀግም ኮይኑ ቐፂሉ (ባልቻ, 2007)።

እቲ ናይ 1991 ለውጢ መንግስቲ ነዞም ስክፍታታት ንምፍታሕ ብሄራዊ ማሕበረሰባት መሰል ዓርሰ ምሕደራ ክህልዎም ንምፍቃድ ፈቲኑ እዩ (ባልቻ, 2007)። ይኹን እምበር እዚ ካብ ናይ ልዕልና ኣምሓራ ናብ ትግራዋይ መሪሕነት ዝተሰጋገረ ናይ ስልጣን ለውጢ ከምቲ ሕሉፍ ነቲ ቐንዲ ዛዕባ ብዝደግም መልክዑ ኣብ ሕብረ-ብሄራዊት ሃገር ምእኹል ስልጣንን ዓብላላይነት ብሄር ዝማእኸሉ ስርዓትን ዘቐፀለ ጥራሕ እዩ ነይሩ። ፌደራላዊ ስርዓት ካብ ውጥኑ ንክልላትን ብሄራትን ንምሕያል ዝዓለመ እኳ እንተኾነ ኣብ መወዳእታ ግን ብዘሕዝን ኣገባብ መፅብዓታቱ ክፍፅም ከምዘይከኣለ ኣርእዩ እዩ (ተፈራ, 2019; ቶላ እና ሮዮ, 2022)።

ናይ ቀረባ ታሪኽ ኢትዮጵያ እውን ኣንፃር ዓብላላይነት ብሄር ማእኸሉ ዝገበረ ስርዓት ብዝግበሩ ቃልሲታት ዝግለፅ እዩ። ብምኽንያት ኣካታዊ “ዝተወሃሃደ መደብ ርእሰ-ውጥን ኣዲስ ኣበባ”ዝተቐፃፀለ ናዕቢ ኦሮሞ እቲ ሸው ናይ ተጋሩ ተባሂሉ ዝእመነሉ መንግስቲ (ወይ ድማ ብተጋሩ ዝዕብለል መንግስቲ) ንባህልን መንነትን ህዝቢ ኦሮሞ ሓደጋ ኮይኑ ብዝብል ኣረኣእያ ዝተወለዐ ኮይኑ ደው ኢሉ ንረኽቦ (አሰፋ, 2017)።

ህዝቢ ኦሮሞ ኣንፃር ዓብላላይነት ብሄር ዝማእኸሉ ስርዓት ዝገብሮ ተቓውሞ መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ኣብ ውሽጢ እቲ ፌደራላዊ ስርዓት ልሕሉሕ ርእሰ-ምሕደራ ካብ ምጥላብ ክሳብ ምሉእ ናፅነት ዝበፅሕ ዝተፈላለየ ባህግታት ዘጠቓልል እዩ። ይኹን እምበር ኣብ 2007-2010 ዓ.ም ዝነበረ እዋን ትኹረቱ ቅልጡፍን ሱር በቆሳዊ ለውጢ ካብ ምሕታት ወፂኡ ፣ኣብ ውሽጢ እቲ ዝነበረ ስርዓት ምትዕፅፃፍ ናብ ምድላይ ተሰጋጊሩ (ጃዋር, 2023)። እዚ ናይ እስትራቴጂ ለውጢ ብ2010 ዓ.ም ሓደ መራሒ ተወላዲ ኦሮሞ እቲ መድረኽ ክሕዞ ብምግባር ሕቶ ሓቛፋይ ፖለቲካ ብምምላስ ጠቓሚ ኮይኑ ተረኺቡ እዩ።

ኮይኑ ግን እቲ ናይ ለውጢ ንፋስ ነዊሕ ክፀንሕ ኣይከኣለን። እቲ ፅገናዊ ከይዲ ንእቲ ዓብላላይነት ብሄር ዝማእኸሉ ስርዓት ዝሃነፁ ተጋሩ ካብ ስልጣን እኳ እንተሓኸኸ ነቐፍቲ ብፍላይ ድማ ላዕለዎት/ፀለወቲ ፖለቲከኛታት/መራሕቲ ኣምሓራ እቲ ከይዲ ናብ ዕብለላ ኦሮሞ ቀንዲ ረቛሒኡ ዝገበረ ምትዕርራይ ስልጣን ጥራይ ከም ዘብፀሐ ይምጉቱ (ተዘራ, 2021)። እዚ ቕሬታ እዚ ሀዚ እውን ነታ ሃገር እናጨነቓ ዝርከብ ካልእ ጎንፂ ንኽፍጠር ደፋኢ ኾይኑ ይርከብ።

ከም ኣገላልፃ ሄሬን መሳርሕቱን Herre *et. al.* (2023)፤ ኣብ ትግራይ 2012-2014 ዓ.ም ዝነበረ ጎንፂ ዝወለዶ ሞት ድሕሪ ፍፃመ ፅንታ ዓሌት ሩዋንዳ ኣብ ዓለም እቲ ብዙሕ ሰብ ዝወድአ ኩነት ተባሂሉ ይምደብ። ኣመራርሓ ትግራይ ነቲ ጎንፂ ከም መከላኸሊ ኣንፃር ምፍራስ ስርዓት ፌደራል ዝኣተዎ ገይሩ ከቕርብ እንከሎ ዓብላልነት ኣምሓራ ዳግማይ ክለዓል ይኽእል እዩ ዝብል ስክፍታታት እውን ኣዕቑቡ ነይሩ እዩ ።

ኣብ ትግራይ ዝተወለዐ ጎንፂ መዓልቦ ምስረኸበ፣ብ2015 ዓ.ም ማሕበረሰብ ተወለድቲ ኣምሓራ ኣብ ልዕሊ እቲ ብኦሮሞ ዝዕብለል መንግስቲ ስግኣት ስለዘሓደሮም ካልእ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣልዒሎም እዮም።ኣብዚ ግዜ እዚ እቲ ዘይምርድዳእ ንኽህሉ ካብ ዝገበሩ መሰረት እዚ ህሉው ኩነታት ፖለቲካዊ መድረኽ ዝኾኑ ሕገ-መንግስትን ብሄር ማእኸሉ ዝገበረ ፌደራላዊ ስርዓትን እንኾኑ ክልቲኦም ድማ ከም ፍልፍል መከራ ህዝቢ ኣምሓራ ተገይሮም ተወሲዶም እዮም።

ኣብዞም ተኸታተልቲ ጎነፃት እዚኦም ከም መፍተሒ ዝተወሰዱ ስለስተ ዝተፈላለዩ መንገድታት ኣለዉ፦ እቲ ናይ ፈለማ ስርዓት ፌደራሊዝም እናዓቀብካ ምሕደራዊ ምትዕርራይ ምግባር፣ እቲ ኻልኣይ ኣብ ውሽጢ እቲ ሕዚ ዘሎ ስርዓት ንዘጋጥሙ ሕቶታት ፍታሕ ንምሃብ ልሕሉሕ ቁፅፅር ማእኸላይ መንግስቲ ዘለዎ ስርዓት ኮንፌደረሽን ክህሉ ምጉስጓስ እንትኾን እቲ ሳልሳይ ድማ ምእኹልነት ክጠናኸርን ብሄር መሰረት ዝገበረ ፌደራሊዝም ምፍራስን ዝደፍኡ እዮም። ይኹን እምበር ሰለስቲኦም ኣገባባት ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ውደባ/ኣወቓቕራ ስርዓት መንግስቲ ብምቕያር ወይ ክቕፅል ኣብ ምግባር ዘተኮሩ እዮም።

ይኹን እምበር፡ እዞም ኣካይዳታት እዚኣቶም ኣብ ሃገራዊ ኣቃውማ ዘለዉ ፀገማት ከም ብሕታዊ መቓን መብረሂ ሓሳብ ገይሮም ስለዝጥቀሙሎም ኻለኦት ወሰንቲ ምኽንያታት ዕሽሽ ኢሎምዎም ይርከቡ። ታሪኽና ከም ዘመላኽቶ እቲ ናይ ቀደም ኣሃዳዊ ስርዓት ይኹን እቲ ሐዚ ዘሎ ብሄራው ስርዓት ፌደራሊዝም ናይ ሓደ ብሄር ዓብላላይነት ዝድግፍ ስርዓት ኣብ ምቅላል ኣብዚ እቶ ብዝበሃል ኣገባብ ክንክይዎ ኣይከኣሉን። እዚ ዘመላኽቶ ለውጢ መዋቕር መንግስታትን ስግግር ኣቃውማ ሃገርን ኣብ ክልውጥ ዘይከኣለ ዕንክሊል ዓብላላይ ብሄር ማእኸሉ ገይሩ ስልጣን ካብ ሓደ ዓብላሊ ጉጅለ ናብ ካልእ ጉጅለ ዝሰጋግሩሉ ዑደት ተቐሪንና ምህላውና እዩ። ስለዚ ኣብ ምልዋጥ ሃገራዊ ኣቃውማ ጥራሕ ትኹረት ካብ ምግባር ወፃኢ ካልእ ኣማራፂ ኣገባባት ምንዳይ ወሳኒ እዩ።

### ገምጋም ከይዲ ምሕደራ፦ ግደ ምምሕያሽ ስርዓት ኣብ ምግራዕ ብሄር ዝማእኸሉ ኣገባብ

እዚ ፅሑፍ እዚ ፃምእ ኢትዮጵያውያን ንማዕርነትን ሓቀኛ ውክልናን ንምርዋይ ክልተ መልክዕ ዘለዎ ኣካይዳ ዘቕርብ ኮይኑ ኣድላይነት ፅኑዕ ተወፋይነት ንዴሞክራሲያዊ ከይዲ ኣብ ግምት ብምእታው ናብ ሓውሲ/ዳርጋ ፕረዚደንታዊ ስርዓት ወሳኒ ለውጢ ምግባርን ሕውስዋስ/ዝተሓናፈፀ ኣገባብ መረፃ ምቕባልን ዝብሉ እዮም።

### ብመንገዲ ሓንፈፅ ስርዓት ጠቕላሊ ሚኒስተርን-ፕሬዝዳንትን ኣቢልካ ዕብየትን ሓድነትን ኢትዮጵያ ምውሓስ

እዚ እማመ እዚ ሓውሲ/ዳርጋ ፕረዚደንታዊ ስርዓት ንኽፀድቕ ዝጣበቕ ኾይኑ ብመሰረት ቀዳማይ ሚኒስተር-ፕረዚደንታዊ ስሪቱ እንትረኣ፣ እቲ ፕረዚደንት ካብ ባይቶ ተፈልዩ ብቐጥታ ኣብ ዝግበር ከይዲ መረፃ ይምረጽ፣ ከምኡ እውን ባይቶ ጥራይ ንካቢነ ሚኒስተራት ናይ ምብራር ስልጣን ይህልዎም (ሴዴሊየስ እና ሊንዴ, 2018) ። እዚ ስርዓት ክልተ ርእሲ ዘለዎ ፈፃሚ ኣካል ክህሉ ዝእምት ኮይኑ ፍፁም ዝበዝሐ ድምፂ ዘድልዮ ብቐጥታ ዝተመርፀ ፕረዚደንት ከምኡ እውን ንባይቶ ተሓታቲ ዝኾነ ቐዳማይ ሚኒስተርን ካቢኔ ሚኒስተራትን ዘጠቓልል እዩ። ብተወሳኺ እቲ ዝተመርፀ ፕረዚደንት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልል ደገፍ ከም ዘለዎ ንምርግጋፅ ከምኡ እውን ሓቛፊ ኽሽውን ንምትብባዕ እንተወሓደ ካብ ነፍሲ ወከፍ ክልለ እታ ሃገር 20% ደገፍ ክረክብ ኣድላይነቱ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ስርዓት እዞም ሲዒቦም ዝተዘርዘሩ ዝተፈላለዩ ዝተፈላለዩ ረብሓታት ኣለውዎ፦

**ሌላን ቐፃልነትን፦** ቅዲ ዳርጋ/ሓውሲ ፕረዚደንታዊ ስርዓት ምስቲ ውፁእ ባይቶኣዊ ስርዓት ክነፃፀር እንከሎ ሱር ቦቀስ ለውጢ ዘድልዮ ኣይኮነን። ኢትዮጵያ ካብ 1979 ክሻብ 1987 ዓ.ም ፕሬዝዳንታ ብባይቶ ዝተመርፀ ክኾን ዝገብር ስርዓት ዋላ ትከተል እብር፤ ምስ እዙይ ዝመሳሰል ኣቃውማ/መዋቕር ነይርዋ እዩ(የኢሕዴሪ ሕገ መንግሥት, 1979 የሽግግር ቻርተር 1987)። ምስ እዚ ማዕቀፍ ዘሎ ዝፀንሐ ሌላ ከይዲ ትግባራ እዚ ስርዓት ቐሊል ክኾንን ህዝባዊ ተቐባልነት ክረክብን ተኽእሎ ይፈጥረሉ።

**ሕጋውነትን ተሓታትነትን ፦** ብቐጥታ ዝተመርፀ ፕረዚደንት ምስቲ ብሓደ ናይ መረፃ ዘባ ወይ ገዛኢ ውድብ/ፓርቲ ዝተመርፀ ቀዳማይ ሚኒስተር ክነፃፀር እንከሎ ዝለዓለ ስምዒት ህዝባዊ ስልጣንን ተሓታትነትን የዕቢ። እዚ ኣብ ቅድሚ ዓብላሊ ሰልፊ ጥራይ ዘይኰነስ ኣብ ብምሉኦም እቶም መረፅቲ ብቐጥታ ተሓታቲ ምዃን ሃገራዊ ሓድነት ከዕቢን ነቲ ብዛዕባ እቲ እተኣዘዘ መሪሕነት ዘሎ ኣረኣእያ ኽቃለልን ይኽእል እዩ (ጌታቸው, 2017)።

**ሓቛፋይነት፦** ቀጥታዊ መረፃ ፕረዚደንት ድጋፍ ብዙሓት ብሄራት ስለዝጠልብ ዝተፈላለዩ ኣረኣእያታት ብምክታትን ኣቓልቦ ዘርኣውነት ብምንካይን ንኹሉ ዝሓቁፍ ፖሊሲታት ንኽህሉ የተባብዕ እዩ። እዚ ምስቲ ካፍቲ ንፖለቲካ ኢትዮጵያ ዘሳቒ ዘሎ ብሄራዊ መፃወድያ መዋፅኦ ንምርካብ ዝግበር ዘሎ ፃዕሪ ዓብዩ ግደ ይህልዎ(ዋለ, 2017)።

**ሚዛናዊ መቕሎ ስልጣን፦**ብቐጥታ ዝተመርፀ ፕረዚደንት ርኡይ ስልጣን ክህልዎ እንከሎ ብተዘዋዋሪ መንገዲ

ዝተመርፀ ቀዳማይ ሚኒስተር ግን ኣብ መንግ ሕጊ መውፅኢን ፈፃሚ ኣካልን ከም ወሳኒ ድልድል ኮይኑ የገልግል። እዚ ምክፍፋል ስልጣን ሚዛናዊ ኣሰራርሓ የረጋግፅ (ጌታቸው, 2017 ዋለ, 2017)።

### ኣንፃር ዓብላሊ-ብሄር ዝማእኸሉ ስርዓት ደው ይባል፦

ንስርዓት ዓብላላይ ብሄር ንምምካት ኢሉ እውን ሓቛፋይነት ንምጥንኻር ክልቲኦም ቐንዲ ስልጣን (ፕሬዝዳንትን ጠቕላሊ ሚኒስተርን) ካብ ዝተፈላለዩ ብሄራት ብዝተውፃእዑ ወከልቲ ንኽተሓዝ ይምከር።

### ንብዙሕነት ምሕላቕ፦ ንዝያዳ ሓቑፊት ኢትዮጵያ ዝተሓዋወሰ/ሓንፈፅ ስርዓት መረፃ

ኣብ ውሽጢ ሕጊ መውፃእቲ ኣካላት ፌደራል ብሄረ-ሰባትን ክልላትን ፍትሓዊ ውክልና ዋላ እንተሃለዎም ሀዚ ዘለዉ ናቑጣታት መረፃ ግን ንሓደ ሑፁይ ጥራሕ ድምፂ ዝወሃበሉ ስርዓት (first-past-the-post (FPTP)) ዝሓዙ ብምኧኖም ሓጋፋት ኣርእዮም እዮም። እዞም ጉድለታት ናይ መረፅቲ ተሳትፎ ብምትዕንቓፍ ናይ ሓደ ሰልፊ ዕብለላ ዘጋድዱ እዮም።

ቀዳማይ ዝቐደመ ይዕወት (FPTP) ብዝብል ኣምር ዝልለ ስርዓት መረፃ ዝኽተሎ ተዓዋቲ ኩሉ ውሰድ ዝብል ኣገባብ ኣብተን ንሕፁያትን ዝበዝሐ ድምፂ ከውሕሳ ዘይኽእላ ክልላት ድምፂ ተቓወምቲ ከንቱ ምኧኑ ስለዝርድኣን መረፅቲ ተስፋ ቆርፆም ተሳትፎኦም ክንክዩ ይገብሮም። ነዚ ፅቡቕ ኣብነት ክኾን ዝኽእል ኣብ 2015 ዓ.ም.ፈ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተኻየደ መረፃ፣ ገዛኢ ውድብ ብብርኪ ፌደራል 100% ወናብር ብምዕዋት ንተቓወምቲ ዝተዋህበ ብዙሕ ድምፂ ኣባኺኑ እዩ። ካብቲ ንኣዲስ ኣበባ ዝተመደበ 23 ወንበር 16% ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝመፁ መረፅቲ ንሰማያዊ ፓርቲ ክመርፁ እንከለዉ፣ 85% ድማ ንልፍንታዊ ውድብ ኢህወደግ ድምፆም ሂቦም። ኢህወደግ ግን 100% ተዓዊቱ። እዚ ኩነት ናብ ምጉዳል መሰል ዝመርሕን ውሑዳት ድምፅታት ናብ ትርጉም ዘይብሉ ብርኪ ዘውርድን ኮይኑ ኣብ ንኡሳን ውድባት ናይ ተስፋ ምቑራፅ ስምዒት ክህልወን ይገብር (ኣደም, 2015)።

ካልኣይ ዝቐደመ ይዕወት (FPTP) ብዝብል ኣምር ዝልለ ስርዓት መረፃ ስልጣን ኣብ ገዛኢ ሰልፊ ብምትእኽኻብ ናይ ሓደ ሰልፊ ዕብለላ የደልድል እዩ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣብ ውሽጢ ገዛኢ ሰልፊ ዘሎ ዓብላሊ ብሄር ብኣንብኡ ኣብ ፖለቲካ እታ ሃገር ዓብላሊ ብሄር ይኸውን፣ ቅድሚ ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ ሕጋዊ ምይይጣትን ክትዓትን ምጅማሩ እውን እንተኾነ ኣብ ውሳነታት ርኡይ ፅልዋ ከሕድር ይኽእል እዩ፣ እዚ ድማ ተራ ባይቶ ብዓቢኡ ምስሉይ/ስማዊ ይገብሮ። እዚ ድማ ንውክልና የዳኽምን ናይ ፖለቲካ ዓብላላይ ብሄር ዝንባለታት የደልድልን (እዮብ, n.d)። ኣብ 2009 ዓ.ም ኣብ መንግ ገዛኢ ውድብን ጥምረትን ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ውድባትን ዝተሓዋወሰ/ሓንፈፅ ስርዓት መረፃ ንምቕባል ዝተገብረ ልዝብ ነዞም ጉድለታት ኣፍልጦ ሂቡ እዩ። እቲ ልዝብ ካብ 50:50 (ሕርያ መጠን ዝምድና ተማቓራሕነት ወንበር ተቓወምቲ ውድባት ዝነበረ) ክሳብ 90:10 (ሕርያ መጠን ዝምድና ተማቓራሕነት ወንበር መንግስቲ/ገዛኢ ውድብ ዝነበረ) ዝበፅሐ መጠን ዝምድና (ሬሾ)ዝቐደመ ይዕወት (FPTP) ብዝብል ኣምር ዝልለ ስርዓት መረፃ ምስ ተመጣጣኒ ውክልና (PR) ዝሕመረቱ ስርዓት መረፃ ብዘማእከለ ኣገባብ ወንበር ንብርካብ ዝግበር ከይዲ ክኸውን ከሎ ኣብ መወዳእታኡ ብ80:20 መጠን ዝምድና ዝድረኽ ስርዓት ሕውስዋስ/ሓንፈፅ ስርዓት መረፃ ብዝብል መደምደምታ ረኺቡ። ይኹን እምበር እዚ ፅገና ብሰንኪ ስዒቡ ዝመፀ ለውጢ መንግስቲ ኣብ ግብሪ ኣይወዓለን (ኒያሚን,2017) ። እዚ ስርዓት ዋላ እኳ ውሱን ድኽመታት እንተሃለውዎ ስዒቦም ዝተዘርዘሩ እተፈላለየ ጥቕምታት ስለዘለውዎ ደገፍቲ ኣፍርዩ እዩ።

**ሓቑፋይነት፦** ስርዓት ሕውስዋስ/ሓንፈፅ መረፃ ንመብዛሕትኦምን ውሑዳትን ጉጅለታት ርኡይ ውክልና ዘረጋግፅ ኮይኑ ንኣሽቱ ውድባት ክዕምብቡን ነቶም ዓብላሊ ውድባት ክፈታተኑን የኽእሎም (ገብረመስቀል, n.d)፤ ከምኡ እውን ንኣናሽቱ/ዝተብታተኑ ብሄራዊ ማሕበረሰባት ፍትሓዊ ውክልና ንምርካብ ጥጡሕ ባይታ ይፈጥር። እዚ ድማ በብቑሩብ ዑደት ዕብለላ ሓደ ብሄር ክሰብሮ ይኽእል እዩ።

**ምስሳን ተሳትፎ መረፅቲ፦** ነፍሲ ወከፍ ድምፂ ናይ ባዕሉ ክብደት ዝሓዘ ኮይኑ ዜጋታት ንኽሳተፋ ዝድርኽን ዝያዳ ውድድር መረፃታት ዘዕብን እዩ። እዚ ድማ ዲሞክራስያዊ ሕጋውነት ዘጠናኽርን ንፖለቲካዊ ውድባት ሓይሊ ዝህብን እዩ።

**ዝባኽን ድምጺ መረፅቲ ምንካይ፦** እዚ ኣሰራርሓ ሰፊሕ ተሳትፎ ክህሉ ስለበረታትዕ ድምፂ ሰዓርቲ ናይ ዘይኮኑ ሑፁያት ንናይ ፓርቲ ውክልና ንኽውዕል ይሕግዝ (ገብረምስቀል, n.d.)። ስለዝኾነ እውን እቲ ሀዚ ዘሎ ንሓደ ሑፁይ ጥራሕ ዝወሃብ ድምፂ ዝድግፍ ስርዓት መረፃ ኣብ ኢትዮጵያ ዴሞክራስያዊ ተሳትፎ ዝዕንቅፍን ዝተሓላለኸ ስግግር ስልጣን ዘበረታትዕን ኮይኑ ንረኽቦ:: ስለዚ ናብ 50:50 መጠን ዓቐን ዝምድና ዘለዎ ሓንፈፅ ስርዓት መረፃ ምስግጋር ሓቑፋይነት ንምብራኽ፣ ተሳትፎ መረፅቲ ንምስሳንን ካብ ናይ ሓደ ብሄር ዓብላላይነት ንምንጋፍ መፍትሒ ክኾን ዝኽእል ኣንፈት እዩ።

### መደምደምታ፡- ናይ ዓብላሊ ብሄር ስርዓት ብቖራፅ ተግባር ምላሽ ምሃብ

ዳርጋ/ሓውሲ ፕረዚደንታዊ ስርዓትን ሕውስዋስ/ሓንፈፅ ስርዓት መረፃን ዝብል እማመይ ንመድረኽ ፖለቲካዊ ምይይጥ ኢትዮጵያ ምሉእ ብምሉእ ሓድሽ እኳ እንተዘይኮነ ካብቲ መፃወድያ ስርዓት ዓብላላይ ብሄር ንምውፃእ ግን ግብራዊ ስትራተጂ ይህብ እዩ ኢለ ይኣምን። ከምቲ ልዕል ኢለ ዝገለፅክዎ ካብ ዝተፈላለዩ ብሄራት ከምኡ እውን ካብ ዝተፈላለዩ ሰልፊ ዝመፁ ፕረዚደንትን ቀዳማይ ሚኒስተርን ዲሞክራሲ እናዓበየ ምስ ከደ ስልጣን ናይ ምክፋል ዕድል ከዕብዩን ብሄራዊ ዝንባለታት ከቃልሉን ይኽእሉ እዮም። ይኹን እምበር እቲ ወሳኒ ጉዳይ ዝያዳ ምይይጥ ዘይኮነስ ነዚ ምትዕርራያት እዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዘይነቓነቕ ቈራፀኝነት ዝሓትት ጉዳይ ኢዩ ። ኣብ ዛዕባታት ሕጊ መውፀእትን ፈፃምቲ መደባት ቀዳምነት ብምሃብ ጥራይ እዩ ሓቀኛ ለውጢ ክረጋገፅ ዝኽእል።ስለዚ ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት ነዞም ዝስዕቡ ምትዕርራያት/ለውጥታት ብንጥፈት ክቃለሱሎም/ክጣበቑሎም እላቦ፤

- ነታ ሃገር ሓድነት ከም ዝህልዋ ዝገብርን ናይ ሓባር ባህግታት ዘንፀባርቕን ብቐጥታ እተመርፀ ፕረዚደንት ንኽህልዋ ምግባር።
- ድምጺ ውሑዳት ክስማዕ ዝገብርን ውክልናኦም ዘረጋግፅን ሕውስዋስ/ሓንፈፅ ስርዓት መረፃ ተግባራዊ ምግባር።

እዞም ምትዕርራያት/ለውጥታት እዚኦም ምስ ሓቀኛ ተወፋይነት ነፃን ፍትሓውን ደሞክራስያዊ መረፃ ተደሚሮም ካይዲ ስርዓት ዓብላሊ ብሄር ብምብታኽ ንመፃኢት ኢትዮጵያ ሓቛፋይነትን ማዕርነትን ከገናፅፍዋ ይኽእሉ እዮም።

## ሊድያ ዮሃንስ: ጠለብ ምውሓስ መሰላት (reclaiming rights)፡ ዜግነት ኣብ ቅድሚ ጭካነ ፖሊስ ኣብ ኢትዮጵያ

ዜግነት ዝርጋሐ ተራ ተገዛእነት ጥራሕ ዘይኮነስ ኪኖ እዚ ውሕስነቶም ብምርግጋፅ ብዘይ ምውልዋል ኣብ ተግባር ክውዕሉ ብዝገብር መንገዲ ንመንግስቲ ብሕድሪ እተውሃቡ መሰላት እውን ዘመላኽት እዩ። ድሕሪ ንዘመናት ዝፀንሐ ንጉሳዊ ምሕደራ ካብ ስልጣኑ ዝኣለየ ብ1974 ዓ.ም.ፈ እተገብረ ምንቅስቓስ ንፈለማ ግዜ ዝተግሃደ ሪፓብሊካዊ ፖለቲካዊ ምትዕርራይ እንትረኣየ ኮነታት ዜግነት ኢትዮጵያ ብዘሕዝን ኣገባብ ገና ኣብ ፈላማይ ብርኪ ምዕባለ/ዕሸልነቱ ኢዩ ዘሎ ። እዛ ፅሑፍቲ እዚኣ ጠንቂ እዚ ቅልውላው ኩነታት ዜግነት ዝኾነ ቐንዲ ረቛሒ ኣብ ፖሊስ ኣስፋሕፊሑ ዘሎ ጭካነን (ርሕራሐ-ኣልቦነትን) ስርዓታዊ-ፍርዳዊ ምጉዳል ፍትሕን ንሕጋዊ ቅቡልነት መንግስቲ ኽቢድ ስግኣት ከም ዘስዕበሉን ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ከም ዘስፋሕፍሕን ትምጉት ። ከምኡ እውን ሰለስተ ዓበይቲ ዘተሓሳስቡ መዳያት ማለት እውን ምግሃስ መሰል ዋንነት/ንብረት፣ ምጥሓስ ብህይወት ናይ ምንባር መሰልን ካብ ስቅያት ውሑስ ምዃንን፣ ምድንጓይን ዘይፍትሓዊ ፍርዳዊ መስርሕን ትኹረት ብምግባር ካብ ታሪኻውን ዓለማውን ተመኩሮ ዝወሰደ ኮይኑ ነዚ ተኣፋፊ ፖለቲካዊ ጉዳይ ምፍታሕ ኣገዳሲ/ህፁፅ ምዃኑ ዘጉልሕ እዩ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን ዘሎ ዓለምለኻዊ ኹነታት እንትንርኢ ተገዛእነት ኣብ መንጎ ማሕበረሰብን መንግስትን ዘሎ መሰረታዊ ኩነት ዝምድና እዩ ዝብል ኣተሓሳስባ/ኣምር ዳርጋ የለን ምባል ይከኣል። ኣብ ታሪኽ ዓለም ዝተርኣዩ ቀንዲ ወያነታትን ኩነት ነጥበ-መቐይሮታትን ንስፍሓት ስልጣን መንግስቲ ዚምልከት ሕቶታት ብምሕታት እዮም ጀሚሮም። እዚ ድማ ፖለቲካዊን ሕጋውን ቅቡልነት ሓደ ገዛኢ ስርዓት ብሰናይ ፍቓድ ህዝቢ ከም ዝርከብ ዝገብር ሳዕቤን ክውንነት ፈጢሮም እዮም። እዚ ሰናይ ፍቓድ ኸኣ ምስ ብቕዓት ምፍፃም ሓላፍነት መንግስቲ ኣፀቢቑ እተኣሳሰረ ኢዩ። ካብዞም ሓላፍነታት እቲ ቅድሚት ዝስራዕ ምርግጋፅ ውሕስነት ዜጋታት ኮይኑ ኣገደስቲ መሰላቶም ምሕላው ማለት እውን መሰል ብህይወት ምንባርን ካብ ስቅያት ውሑስ ምዃንን፣ መሰል ዋንነት ንብረት ምርግጋፅን ዜጋታት ፍትሒ ክረኽቡ ምኽኣልን ገለ ኻፍቶም ቀንድታት ዘጠቓልል እዩ። ክውንነት እዞም መሰላት ኣብ ከይዲ ዝምድናታት መንግስትን ሕብረተሰብን ኣገደስቲ/መሰረታዊ ኮይኖም ኣፈፃፅማ መንግስቲ ንምግምጋም ከም መዐቀኒ ከገልግሉ ይኽእሉ። ቅልውላው ዜግነት ዝፍጠርን ጉዳይ ዜግነት ኣብ ሓደጋ ዝኣቱን መንግስትታት ኣብዚ መዳይ እዚ ክፍሽሉ ኸለዉ እዩ። እዚ ድማ ንዜጋታት ጥራይ ዝጎድእ ዘይኮነስ ንሕጋዊ ቅቡልነት መንግስቲ እውን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ምዃኑ ኣብ ታሪኻውን ዓለማውን ተመኩሮ ተራእዩ እዩ።

መንግስታት ሃፍቶም ብዘየገድስ ንስእነት ሕጋዊ ተቐባልነት ፈፂሞም ኣቕሊሎም ክወስድዎ የብሎምን። ኣብዚ መዳይ ካብቲ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ (USA) ዝተፈፀመ ጉዳይ ሮድኒ ኪንግን (Rodney King) ጆርጅ ፍሎይድን (George Floyd)፣ ኣብ ፈረንሳይ ብፖሊስ ዝተፈፀመ ጉዳይ ቕትለት ናሄል መርዞክ (Nahel Merzouk)፣ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ (UK) ብጥርጣረ ግብረ-ራዕዲ ጉዳይ ቕትለት ጂን ቻርለስ ደ መነዘስ (Jean Charles de Menezes) ፣

ከምኡውን ጉዳይ ብግዜ ኮቪድ-19 ብፖሊስ ኬንያ እተቐትሉ ዓሰርተሓሙሽተ ሰባትን ካልኦት ብዙሓት ጉዳያትን ኣብ ቅድሚ ዜጋታት ሞገስ/ተቐባልነት ምስኣን ክሳብ ክንደየናይ ዘፍርሕ ክኸውን ከም ዝኽእል ብልክዕ ዘርኣዩ ኩነት ኮይኖም ሓሊፎም። ካብዞም ልዕል ኢሎም ዝተገለፁ ኣብነታት ድማ ትምህርቲ ክውሰድ ይከኣልን ይግባእን። ኣብ መንጎ መንግስትን ዜጋታትን ፅቡቕ ርክብ ዘይምህላዉ ነቲ መንግስቲ ዝረኽቦ ደገፍ ብኣሉታ ክፀልዎን መወዳእታኡ ደገፉ ከስእኖን ይኽእል እዩ። ንጠለባት ህዝቡ ምላሽ ዘይህብ መንግስቲ ዝወሓደ ደገፍን ተቐባልነትን ክረክብ ተኽእሎ ከምዘሎ ክግመት ይከኣል እዩ፤ መንግስቲ ብዛዕባ ኣገዳስነት ምኽፋል ግብሪ ንዝቐርብ ዘለዓዕሉ/ዘብለጭልጩ መወዓውዒታት ሚልዮናት ኣብ ክንዲ ዝኸፍል ኣብ ምስሉ ብምስራሕ ብተዛማዲ ብቐሊሉ ካብ ዜጋታት ንጡፍ ደገፍ ክውስኽ ዝኽእለሉ ባይታ የደላድል። ብተወሳኺ ህዝቢ ኣብ ትካላት ፍትሒ ዘለዎ እምነት ካብቶም ቀንዲ ረቛሒታት ምንካይ ገበንን ምፍጣር ውሑስ ሕብረተሰብን ከምዝኾነ መፅናዕትታት ይሕብሩ። ኣብ መወዳእታ ኣብዚ ዘመናዊ ኣዝዩ ዓለምለኻዊ ክውንነት ሓደ መንግስቲ ምስ መንግስታት ካልኦት ሃገራት ዘለዎ ተቐባልነት ከም መዐቀኒ ዓቕሚ/ስልጣን ይረአ እዩ። ንሰብኣዊ መሰላት ብዘላቒ/ቐፃሊ ሸለልትነት/ንዕቐት ዝፍለጥ መንግስቲ ከምቲ ታሪኽ ዓለም ዝሕብሮ ካብ መንግስታት ካልኦት ሃገራት ብዙሕ ክብሪ ክረክብ ፈፂሙ ኣይረአን። ስለዚ እዞም ሓደ መንግስቲ ብህዝቡ ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ተቐባልነት ከም ዝረኸበ ዝሕብሩ መርኣያታት ነቲ መንግስቲ ዘለዎ ዓለምለኻዊ/ኣህጉራዊ ሸም/ቐዋም እውን እንተኾነ ክልክዑ ይኽእሉ እዮም።

ኩነታት ኢትዮጵያ እንትንርኢ ብመዳይ መንግስቲ ዝተወሰነ ሸለልትነት ከምዘሎ ዘመልክት ኮይኑ ንረኽቦ። ኣብ እዋን ምንቅስቓስ ተመሃሮ ማእሰርትን ቅትለትን ወሰንቲ ሰባት ብፍላይ ድማ ምስጢራዊ ሞት ጥላሁን ግዛው ሓያል መበገሲ ኮይኑ ንናህሪ እቲ ምንቅስቓስ ዝደረኸን ኣብቲ ሓፋሽ ዘለዎ ተቐባልነት ዘስፍሕን እዩ ነይሩ። ካብዚ ደማዊ ቓልሲ እዚ ናይ መጀመርታ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ እኳ እንተ ተወልደት እቲ ንህዝቢ ዝጠቅም ናይ መንግስቲ ልምዲ ገና ዘይተፈፀመ ም኿ኑ ዘሕዝን ኢዩ። ከም ሓቂ እኳ ደኣስ ካብቲ ግዜ እቲ ኣትሒዙ ኽሳዕ ሕጂ ብዙሕ ዋኒናት እኳ እንተሎ እቲ ዜጋ እውን እንተ ኾነ ተመሳሳሊ ቑጥዓ ከርኢ ኣይከኣለን። ብሰናይ ድሌት ህዝቢ ዝቐረበ ዝመስል ‘ተገዛእነት’ (ምእዙዝነት) እኳ እንተሎ እቲ መንግስቲ ‘ዓብዩ ሰብ’ (ስምዒታዊ ብስለትን ርእሰ-ምግታእን ዘለዎ) ክኸውንን መሰረታዊ መሰላት ንምድጋፍ ተበግሶ ክወስድን ዘይምኽኣሉ ተስፋ ዘቑርፅ ኢዩ።

እዚ ሕጂ ዘሎ ስርዓት ስልጣን ምስ ሓዘ ብዛዕባ እቲ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ኣብ ከም ‘ማእኸላዊ’ ዝኣመሰሉ ቦታታት እተፈፀሙ ግፍዒ ሰብኣዊ መሰላት ብምቅላዕ ኣብ ክፍሊ ፍትሒ ዝገብሮ ምትዕርራይ ተስፋ ብምሕዳር ኣብ ከይዲ ምኽባር ሕጊ ምምሕያሻት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም ዝብል ትፅቢት ተገይሩ ነይሩ። እቲ ዘሕዝን ግን ኣብዚ ሸቶ እዚ ኣገዳሲ ምዕባለ ኣይተገብረን፣ እኳደኣስ እቲ ኹነታት እናገደደ እዩ ዝኸደ ዘሎ ዚመስል ።ንኣብነት ነቲ ሕትመት መሐበሪ ናፅነት እንተነፃፂርናዮ ኢትዮጵያ ኣብ 2020፣ 2022 ከምኡውን 2023 ዓ.ም.ፈ ዝነበራ ብርኪ መደብ ካብ መበል 99 ናብ መበል 114 ኣብ መወዳእታ ኸኣ ካብ 180 ሃገራት ናብ መበል 130 ከም ዝነከየ ኢዩ ዘርኢ ። ብተመሳሳሊ ቁፅሪ ‘እተጨውዩ’ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ 2020 ዓ.ም.ፈ ብኣሃዝ 27 ዝነበሩ እንትኾኑ ኣብ 2021ዓ.ም.ፈ ናብ 30 ክብ ክብል ኪኢሉ እዩ። ብ2022 ዓ.ም.ፈ 37 ዝነበረ ኣሃዝ ‘እተጨውዩ’ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ከኣ ኣብ 2023 ዓ.ም.ፈ ናብ 48 ወሲኹ ኣሎ።

ኣብዚ እንረኽቦ ሓድሽ ነገር ነዚ ጉዳይ ከም ብሄር እናፈለኻ ዝፍፀም ፀገም ጌርካ ንምቕራፅ ዝግበር ፃዕሪ ኮይኑ እዚ ኸዓ ብሓቂ ዘጕህን ዘይቅኑዕን እዩ። ሰባት ብሄሮም ብዘየገድስ ተቓውሞኦም ስለዝገለፁ ጥራሕ ይጭወዩን ይሳቐዩን ኣለዉ። ነቶም ኣብዚ ዛዕባ እዚ ገለ ጥርጣረ ዘለዎም ኣካለት ብመሰረት ኣብ ዝሓለፋ ሒደት ዓመታት ብሰፊሑ ዝተዘርግሑ ሓበሬታታት እዞም ፀገማት ብሄር ማእኸል ዘይገበሩን ዘይሻራዊን ፈተነታት ምፍርራሕ ምንባሮም ንምብራህ ዝኣክል ከም እኒ ገጣሚ በላይ በቀለ ወያ፣ ጃዋር መሓመድ፣ እስክንድር ነጋ ዝምልከቱ ጉዳያት ከምኡውን ካልኦት ብዘይ ገለ መብርሂ/መግለፂ ‘ዝጠፍኡ’ ሰባት ዝመሳሰሉ እተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ብምስትንታን ክንጅምር ንኽእል ኢና። ድሕሪኡ ነቲ ጭውያን ስቓይ ኣባል ‘የኛ ሚድያ’ ዝበሃል ናይ መራኸቢ ብዙሓን ዝኾነ ንጉሰ ብርሃኑ ከምኡውን ታየ ቦርቀና ዝበሃል ብፖሊስ እተጨውየእም ድሕሪ ምቕጥቃጥ እተመልሰ ተጣባቒን መምህር ታሪኽን ዘጋጠሞ ጉዳይ ክንርኢ ንኽእል ኢና። ኣብ መወዳእታ ሓደ ምኩር ጋዜጠኛ ተመስገን ደሳለኝ ዝተብሃለ ብዛዕባ ሓይሊ ምክልኻል ኢትዮጵያ ፅሒፋ ብዝብል ምስምስ ንልዕሊ 5 ኣዋርሕ ምእሳሩ እውን ካልእ ቀንዲ ኣብነት ኸኾን ይኽእል እዩ።

እዚ ስግኣት እዚ ኣብ ልዕሊ ሰብ ዋኒን ዝኾኑ ሰባት ጥራይ ዘይኮነስ ኪኖ ሰብነቶም ኣብ መሰላት ንብረቶም እውን ዝውዕል/ዝዝርጋሕ እዩ ። ፖሊስ ንብረት ሓደ ተኸሳሲ/ጥርጡር ሒዙ ድሕሪ ምፅናሕ እቲ ሰብ ነፃ ምስ ወፀ ክመልሶ እንትሕተት ዘይተሓባበረሉ ኣጋጣሚታት ማእለያ የብሉን። መብዛሕትኡ ግዜ እንትረአ እቲ ንብረት ነቲ ጉዳይ ዝሓዝዎ መኮንናት/ሓለፍቲ ከከም ብፂሒቶም ተማቒሎምዎ ወይ ከኣ ብሰንኪ ሸለልትነቶም ጠፊኡ ኢኻ ትረኽቦ። ፖሊስ ኣብ ክንዲ ንህዝቢ ዝከላኸል መሳርሒ መጥቃዕቲ ሕብረተሰብ ኮይኑ እናገልገለ ይርከብ። እቶም ተቓላዕቲ ተባሂሎም ዝፅረሑ ክፋላት ሕብረተሰብ ድማ ካብዚ ብላዕሊ ኣብ ዝኸፍአ ኩነታት ይኣትዉ። ከምኡ እውን ኣኽበርቲ ሕጊ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ዝጎደሎም ነገር ማለት እውን ገንዘብ ከም መሳለጢ ምኽባር ሕጊ እናቆፀሩ ብምሽዶም ኣብዚ

እዋን መሰላት ዳርጋ ናብ መሸጣ ዝቐረቡ ኣቑሑት ናብ ምኳን ተሰጋጊሮም ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብቐልጡፍ እቲ ዝጠልብዎ መጠን ገንዘብ መኽበሪ መሰል እናወሰኸ ካብ ዓቕሚ ንሳዕሊ እናኾነ ይመፅእ ኣሎ።

እቲ ዝያዳ ዘሰክፍ ድማ ዋላ እኳ ምስቲ ብዙሕ ዓመታት ብዘይ ብይን ቤት ፍርዲ ኣብ ማእሰርቲ ዝፀንሑ ኣጋጣሚታት እንትነፃፀር ኣብዚ እቶ ትብሎ ጭብጢ ኣይኾነን ኣብ 48 ሰዓታት ክፍፀም ከም ከምዝግበኦ ዝጠልብ ተጠርጣሪ ጉዳዩ ብኣካል ኣብ ቤት ፍርዲ ቐሪቡ ሕጋውነት/ዘይሕጋውነት ማእሰርቱ ንምክልኻል ዝፈቅድ ብቤት ፍርዲ ዝወሃብ ትእዛዝ ዝድግፍ መሰረታዊ ሕጋዊ መትከል ('Habeaus Corpus') ከም ቀያዲ ዘይኮነስ ከም ተራ ለበዋ ተገይሩ ዝውሰድ ምኳኑ እዩ።"ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ኢድ ፖሊስ ሓደ ግዜ ኣይትውደቕ እምበር እተወዲቕካ ደኣ መዋፅኦ ዘየለ" ዝብል ኣበሃህላ ናይ ሓደ ሰብ ማእሰርቲ ክስማዕ እንከሎ ሰባት ስምዒቶም ንምግላፅ ዝጥቀሙሉ ልሙድ ኣበሃህላ እዩ። እሞ መንግስቲ ብሓቂ ንዜጋታቱ የገልግል ድዩ ዘሎ? እዚ ውልቀሰባት ብዘይ ምንም ሕጋዊ ኩነት ካብ ፅርግያ እናተሓፈሱ ኣብ ዘሕዝን ፀበብቲ ክፍልታት ቤት ማእሰርቲ ብምኽንያት ቐለልቲ ገበናት (ብዓፀበ-ቐለለ) ክእሰሩ (ክሳብ መዓዝ ዝብል እዝጊ ዋናኡ) ዝኽእልሉ እዋን ብምዕዛብ ኣብ ክንዲ ምክልኻል ምፍርራሕ ማእኸሉ ዝገበረ ዝምድና ኣይኮነን እንድዩ ዝገልፅ ምባል ኣይከኣልን ዶ? እቶም ብመንግስትና 'ዝቐረበልና' ሓለዋ ብዝብል ኣምር ሓደራ ዝሃብናዮ መሰላትና ኣበይ ኣለዉ? ኣብዚ እዋን ዜግነት እንታይ ማለት እዩ? ሕጂ እውን እንተኾነ እቲ ዘሕዝን እዞም ክልተ ጉዳያት ምስቲ ጉዳይ ብፖሊስ ዝፍፀሙ ቅትለታት ክነፃፀሩ ከለዉ ኣብ ግምት ዝኣትዉ ኣይኮኑን። ኣብ ኢትዮጵያ ንማእሰርቲ እኳ ዘየብቅዖም ቀለልቲ ገበናት ዝፈፀሙ መናእሰያት ብናይ ፖሊስ ጥይት ተወቒዖም ሞይቶም እዮም ። እዚ ብፍላይ ኣብቲ 'ምኽኑይ' ክኸውን ዝኽእል ናይ ጎንፂ ከባቢታት ርኡይ እዩ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ኣምቦ ዝተፈፀመ ጉዳይ እንትንርኢ ሓደ ኣባል ሓይሊ ምክልኻል ኣብ ሰዓታት እቶ እቶ ኣብ ደገ ክኸድ ንዝፀንሖ ወዲ 4 ዓመት ህፃን ብጥይት ተኲሱ ከምዝቐተሎ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ክዝርጋሕ ፀኒሑ እዩ። ከምኡ እውን ቅትለት ብዙሓት ሰላማውያን ሰባት ርኡይ እንትኾን ንኣብነት ዕጡቓት ሓይልታት ፌደራል ንከተማ ኣምቦ ዳግም ኣብ ቁፅፅሮም ንምውዓል ኣብ ዝገበርዎ ምንቅስቓስ ንሓደ 13 ዓመት ዝዕድሜኡ ቆልዓ ብጣዕሚ ተስፋ ብዘቑርፅን 'ውድእዎ' ብዝብል ስጉምቲ ቕትለት እቲ ቆሲሉ ዝነበረ ቆልዓ ብዘተብባዕ ኣገባብ እንትፍፀም ተዓዚብና ኢና።

ብርግፅ ዘለናሉ ኩነታት ኣዝዩ ዘሕዝን እዩ ይኹን እምበር መፍትሒ የብሉን ኢለ ግን ኣይኣምንን። እቲ ቀንዲ ፍታሕ ክኾን ዝኽእል ነቲ ዝፀንሐ ክውንነት ዕሽሽ ምባል ወይ ምድፍፋን ዘይኮነስ ምግጣም እዩ። ክልሰ-ሓሳብ ቀፃሊ ቓልሲ/ሰውራ ማኦ ዜ ዶንግ (Mao Ze Dong) ምስ እዚ ዚሰማማዕ እዩ፣ እቲ ዜጋ ኹሉ መንግስቲ ብኸምዚ ኣገባብ ኺስጉሙ ብምፅዋዕ እቲ ቓልሲ ኽመውት ክፈቕዱ የብሎምን ይብል። ከም ኣገላልፃኡ መንግስቲ ነቲ ህዝቢ ክቕይር ክደሊ ከሎ ዘድልይዎ ነገራት ንምምላእ ዘውፅኦም ፖሊሲታት ብቐፃሊ ክግምገሞ ዝግበኦ እንትኾን እቶም ዜጋታት ከኣ ኣብ እተወሰነ እዋን ብመሰረት ኣብታ ሃገር ዘሎ ትሕዝቶን ድሌታቶም እንታይ ምኳኑ ግልፂ ብምግባር ቓልሶም መልክዕ ብምትሓዝ ክቕፅሉ ይግበኦም። ስለዚ ኣብ ጉዳይ ዜግነት ዘሎ ሓደገኛ ኩነት/ቅልውላው ቀንዲ ዘዕባ/ኣርእስቲ ንዝመፅእ 50 ዓመታት ንክቕፅል ዝግበኦ ውልዶ ቓልሲ ኢትዮጵያ ክኸውን ኣለዎ ኢለ ይኣምን። ነዚ ንምትግባር ድማ ካብ መንግስቲ ተሪር ቅዋም ፖለቲካዊ ፍቓደኛነት /ድሌትን ከምኡ እውን ሓደጋታት ዘይሕጋውነት ብግልፂ ምርዳእን፣ ካብ ምሁራት ድማ ቅኑዕ ምሁራዊ መሪሕነት፣ ብመዳይ ዜጋታት ድማ ስቕታኦም ንምስባር ድልውነት የድሊ።

### *መደምደምታ*

ብዘሕዝን መልክዑ ጭካነ ኣብ ኢትዮጵያ ፖሊስን ዘይፍትሓውነት ፍርድን ፖለቲካዊ ልምዲ ኹይኑ ኣሎ፣ እዚ ኸኣ ዘጨንቕ ሓቂ እዩ። ይኹን እምበር ከምቲ ማኦ ዝመኸሮ ዜጋታት ከምዚ ዓይነት ግህሰት/ማህሰይቲ ብተሓላቕነት ኣገባብ ክፃወርዎ ወይ ክቕበልዎ የብሎምን። እቲ ኩሉ ግዜ ዝሕመኒ ግን ብሰፊሑ ሰፊኑ ዘሎ 'ንጉስ ኣይኽሰስ ሰማይ ኣይሕረስ' ዝብል ኣበሃህላ ነቲ ኣብ ዝበዝሑ ኢትዮጵያውያን ዘሎ ፖለቲካዊ ስምዒትን ኣረኣእያን ዘጠቓልል ምኳኑ እዩ። እዚ ስቕታን ዘይምስትውዓልን እዚ መንግስቲ ንኸገልግል ደኣ እምበር ንኽግልገል ከም ዘይኰነ ኣይግንዘብን እዩ። ህዝበይ ርእሱ ከቕንዕን ዝኾነ ዓይነት ግህሰት/ማህሰይቲ ንዘይምፅዋር ደው ክብልን ኺኢሉ ምርኣይ ሃረርታይ እዩ። እንተኾነ ግን ሓባራዊ ግንዛበ ዘይብልና ኹይኑ ኢዩ ዝስመዐኒ ወይ እውን እዚ ሓባራዊ ግንዛበ ንምምዕባል ምናልባት ብዙሕ ፃዕሪ ዝሓትት ኢዩ ዝመስል ። እዚ ኣብ ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ልዕሊ ኹሉ ተኣፋፊ ጉዳይ እዩ እኳ እንተዘይተብሃለ ኣብ ጥጡሕ እዋን ኽትፈትሖ ትፅቢት እተገብረሉን ኣኽበርቲ ሕጊ ፍፁማት ብዘይ ምኳኖም ክፍጠር ዝኽእል እዩ ኢልካ ብምርኣይን ምግዳፍ ግን ልክዕ ኣይኮነን። ምስ እዚ ጉዳይ እዚ ተተሓሒዙ እንትረአ ካብ ሕጂ ንሳዕሊ ዝጥዕም ግዜ የለን ። ሓደ ሕጊ ዘኽብር ናይ መንግስቲ ኣካል ንዜጋታቱ ፈፂሙ ስግኣት ክኸውን የብሉን። ሎሚ ኣብቲ ምንቅስቓስ ተማሃሮ ኢትዮጵያ ዝሓደጎ ሕድሪ ደው ብምባል ሕጂ ኢትዮጵያ ኣበይ ኣላ' ኢልና እንትንርኢ ብርግፅ ትሕዝቶ ጥልመት ዝብል ቃል ይገልፆ እዩ። ንፅባሕ ዝሓሸት ኢትዮጵያ ንምህናፅ ሎሚ ምስ ድሌት ኢትዮጵያ ዝሰማማዕ ቓልሲ የድሊ፤ እዚ ሎሚ ዘሎ ፀበባን ኣውያትን ናይ መጻኢ ወለዶታት እውን ከም ዘይኾን ምርግጋፅ የድሊ። መራሕቲ ምንቅስቓስ ተምሃሮ ኢትዮጵያ(ESM)"መሬት ንሓራሲኡ" ኢሎም ፀዊዖም ወፅኢት ኣምሒኦም እዮም ሕጂ ኸኣ መሰላት ናይቶም ሕጋውያን በዓል ዋናታት መሬት ንምምላስን ንምርግጋፅን እንውደበሉን እንቀሳቐሰሉን ግዜ ኢዩ ይብል። እዚ ድማ ከም ተማሃራይ ሕጊ 5ይ ዓመት መሰል ዜጋታት ንምርግጋፅ በዚ ኸምዚ ዓይነት ቓልሲ ዝተቐረፀት ሃገር ምግሃድ ራእየይ እዩ።

# መሰሉ ብርሌው:መሰል ዋንነት መሬትን ምዕባለ ሕርሻን ኣብ ኢትዮጵያ

ሕርሻ ዋሕስ ምንባር ብዙሓት ኢትዮጵያውያን እዩ። ሕርሻ ንህይወት ሚልዮናት ሰባት፣ ስድራ ቤታት፣ መንእሰያትን ቆልዑን ፀወን ከምኡውን ዓንዲ ሑቖ ቊጠባ ሃገርና ከምዝኾ ይፍለጥ ። ኢትዮጵያ ሰፊሕ ተሓረሲ መሬት፣ ሓያሎ ወሓዝቲ ኣፍላጋተ ማይ፣ ብዙሕ ዝሽነኻቱ ገፀ-ምድሪ ከምኡውን ጥጡሕን ንኹሉ ዝስማዕማዕን ክሊማ ስለ ዘለዋ እተፈላለየ ዓይነት ምህርቲታት ንኸተቡቅል ኣኽኢልዋ ይርከብ።ልዕሊ80% ዝኸውን ህዝባ ድማ ንልዕሊ 3ሽሕ ዘመናት ኣብ ሕርሻ ፅቡቕ ልምዲ ዘጥረየ ሓረስታይ እዩ። ናይ ቀረባ እዋናት መረዳእታታት ከም ዝሕብርዎ ሃገርና ን ሰደድ ካብ እተውዕሎም ፍርያት እቲ77% ዝኸውን ምህርትታት ሕርሻ እዩ። ስለዚ ድሕነት ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ኣብ ሕርሻ እተመስረተ ምዃኑ ዚከሓድ ኣይኮነን።ይኹን እምበር ዓውዲ ሕርሻ ኢትዮጵያ ብኸበድቲ ፀገማት ዝተሓላለኸ ምዃኑ ኲሉ ሰብ ዝሰማዕማዓሉ ሓቂ እዩ ። ዋላ እኳ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተታት ዓመታት ዝሐሸ እታወታት ብምጥቃም ምስሳን ምህርትን ምድንፋዕ ውፅኢታውነትን ንምርግጋፅ ብዙሕ ፃዕሪ እንተተገብረ ምስቱ እናወሰኸ ዝመፀ በዝሕን ጠለብን ህዝቢ እንትረአ ትሑት እንትኾን ውሕስና ምግቢ ዜጋታት እኳስ ከረጋግፅ ኣከኣለን።

ብሕርሻ ዝምራሕ ኢንዱስትርያዊ ምዕባለ ብዝብል ዝፍለጥ ብ1994 ዓ.ም እተነድፈ ፖሊሲ ሕርሻ ዕቤት ሕርሻ ናብ ኢንዱስትርያዊ ዕቤት ዝመርሕ መሰጋገሪ ድልድል ከም ዚኸውን ኣብ ዝገልፅ ሓሳብ እተመርኰሰ እዩ ነይሩ። እዚ ማለት ንሕርሻ ብስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብን ዘመናዊ ቴክኖሎጅን ብምድጋፍ ከምኡ እውን መንገድታትን ስትራተጂታትን ኣመራርሓ ብፍልጠት ዝተደገፈ ብምግባርን ኣካይዳኡ ብምምሕያሽን ኣብ ሕርሻዊ ምህርቲ ይኹን ፍርያታውነት ዓብዩ ወሰኽ ምርካብ ዝዓለመ እዩ። ከይዲ ሕርሻ ብስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጅን እናተደገፈ ናብ ምግልጋል ማሽናዊ መሳርሒ (ሜካናይዜሽን) ገፁ ክኸይድ ከሎ ምህርቲ ክውስኽን ፍርያት እውን ክስስን ከምዘኽእልን ጥራሕ ዘይኮነስ ቁፅሪ ነቲ ኣብ ሕርሻ ዝተዋፈረ ናይ ሸቕሊ ሓይሊ እውን እንተኾነ ኣፀቢቑ እዩ ዝንክዮ። ከም ውፅኢት ናይዚ ኸኣ ብዙሕ ንኻልእ ዕማም ከገልግል ዝኽእል ሰብኣዊ ሓይልን ጥሪትን ይፍጠር። እዚ ማለት ከኣ ሒደት ብማሽናት ሕርሻ ዝተደገፉ ሓረስቶት ንመብዛሕትኡ ኽፋል ህዝቢ እታ ሃገር ዘድልዮ መጠን ቐረብ ምግቢ ብኣግባቡ ክሸፍንዎ ይኽእሉ እዮም ዝብል የመላኽት። እዚ ምኽንያት እዚ ብቑፅሮም ብርክት ዝበሉ ሓረስቶት ካብ ሕርሻ ወፅዮም ናብ ከተማታት ብምኻድ ኣብ ዝተፈላለያ ፋብሪካታት ኣትዮም ክሰርሑ ይገብሮም እዩ። እዚ ኾነታት እዚ ሓደ ሰራሕተኛ ሃለቕቲ ፍርያትን ንኣገልግሎታት ዝውዕሉ እታወታት ንምርካብ ዝገብሮ ፃዕሪ ምስቲ ኣብ ዕዳጋ ዘሎ ጠለብ እናወሰኸ ምኻዱ ሜካናይዝድ ሕርሻ ብምስፍሕፋሕ ከምኡውን ዓበይቲ ሜካኒካዊ ማሽናት ብምውሳኽ እዞም ጠለባት ንምምላእ ዘኽእሉ ኢንዳስትሪታት ክብርክቱን ኣብቲ ዓውዲ ዝግበር ወፍሪ ብዝለዓለ በርኪ ንኽታባባዕ ብምግባር ዓብዩ ቑጠባዊ ዕቤት የምፅእ ። ነዚ እውን ኣብ መበል 18 ክፍለ ዘመን ኣብ እንግሊዝ ዝተርኣየ ልዑል ሰሰን ፍርያት ከም መረዳእታ ምቕራብ ይከኣል። ይኹን እምበር ሕርሻ ዓድና ሃብቲ ምኽዕባትስ ይቕረ ነቲ ህዝቢ ዘቕርቦ ጠለብ ዕለታዊ ምግቢ እኳ ምሟን ካብ ዝሰኣኖ ውዒሉ ሓዲሩ እዩ። ምኽንያት ሕርሻ ውፅኢታውነት እኹል ብዝኾነ ኣገባብ ዘይምውሳኽን፤ ናይቲ ህዝቢ ጠለባት ዕላታዊ ምግቢን እታወታት ኢንዳስትሪ ክማላእ ዘይምኽኣልን ኣመልኪቶም ብዙሓት ምሁራን ነናይ ባዕሎም ገምጋምን መደምደምታታትን የቐምጡ፡፡ ኣነ እውን ኣብዚ ዛዕባ እዙይ ናይ ውልቀይ ምልከታን ርድኢትን ከምዚ ዝስዕብ ኣቕሪበዮ ኣለኹ።

ከም ዝፍለጥ ዓሰርተ ትሽዓተ ሱሳታት ንኢትዮጵያ ናይ ለውጢ እዋን እዩ ነይሩ። ነቲ ለውጢ ዓርሞሸሻዊ ሓይሊ ኮይኖም ዝመርሕዎ ዝነበሩ መናእሰይ ብፍላይ ከዓ ተምሃሮ ዩኒቨርስቲ ኣብዚ ምንቅስቓስ እዚ ኣብ ቅድሚት ይስረዑ ። ሓደ ኻብቲ ኣብቲ ግዜ ዝነበረ ኣዝዩ ኣገዳሲ ጉዳያት ንዋንነት መሬት ዚምልከት እዩ ነይሩ ። ኣብ ትሕቲ ጭቆና ሒደት ወነንቲ መሬት ዝነበረ ኣብዝሓን ድኻን ህዝቢ ሓራ ንምውፃእ ቓልሲ ተጓሃሂሩ። እዚ ብዛዕባ ዋንነት መሬት ኣመልኪቱ ዝተልዓለ ሕቶ ነቲ ብ1966 ዓ.ም እተወለዐ ሱር በቆሳዊ ቓልሲ ቐንዲ መበገሲ እዩ ነይሩ ምባልና ምግናን ኣይክኾንን። ደርጊ ፅባሕ ስልጣን ምሓዙ ነቲ ብቶም ተምሃሮ ዝለዓል ዝነበረ “መሬት ንሓራሲኡ” ዝብል ሕቶ ንምምላስ ተሰማሚዑ። ብመሰረት 25 ለካቲት 1967 ዓ.ም እተኣወጀ ኣዋጅ መሬት ናይ ሓፋሽ ምዃና ብግልፂ ተደንገገ። ይኹን እምበር እቲ ሕቶ ምሉእ ብምሉእ ተመሊሱ እዩ ምባል ኣይከኣልን። እቲ ምንታይ እሲ መሬት ንሓራሲኡ ዝብል ሕቶ ናይቲ ሓረስታይ ናይ መሬት ዋንነት ምርግጋፅ እምበር ምምርቓሕ ጥራሕ ዘመላኽት ዘይምዃኑ እዩ። ደርጊ ካፍቲ ጉልተኛ ዝመነዞዖ መሬት ንህዝቢ ሂበ እየ ይበል እምበር እቲ ሕብረተሰበ በዓል ዋና መሬት ንምዃን ብዝኾነ ኣገባብ ተወዲቡ ክመፅእ ዝጠልብ እዩ ነይሩ። እዚ ብምዃኑ ብተዘዋዋሪ መንግስቲ በዓል ዋና እታ መሬት ካብ ምዃኑ ዓዲ ኣይወዓለን። ብሓፈሻኡ ዋላ እኳ ብዙሕ መጠን ዘለዎ መሬት ካብ ውልቀ ሰባት እንተሕደገ ኣብ መዳይ ምርግጋፅ ዋንነት መሬት ሓረስቶት ግን ክንድዝድለ ከምዘይነበር ዝተፈላለዩ ክትዓት ይለዓሉ። ናይ ደርጊ መንግስቲ እቲ መሬት ሒዙ ንዓሰርተ ሸውዓተ ዓመታት ድሕሪ ምፅናሑ ኢህወደግ መፅዩ ወንበር ንግስነት እታ ሃገር ተቖፃፂሩ። ድሕሪ እዚ እቲ ብ1987 ዓ.ም ዝፀደቐ ቅዋም ናይ ገፀርን ከተማን መሬት ይኹን ሃፍቲ ተፈጥሮ ናይ ምውናን መሰል ናይ ህዝብን መንግስትን ምዃኑ የቐምጥ። ብዘይካ እዚ መሬት ዘይሸየጥን ዘይልወጥን ሓበራዊ ሃፍቲ ህዝብታት፣ብሄራትን ብሄረሰባትን ኢትዮጵያ ምዃኑ የረጋግፅ። ብተወሳኺ እዚ ቅዋም በዓልዋና ተሓራሲ መሬት ገፀር ምሻጥ ኮነ ምልዋጥ ከምዘይኽእል ብግልፂ ኣቐሚጡ እዩ። መንግስቱ ሃይለማርያም ይኹን መለስ ዜናዊ እታ መሬት ናይ ህዝብን መንግስትን እያ ስለዝተብሃለ

ጥራሕ ነቲ ገባር ባዓል መሬት ጌርናዮ ኢና እንተበሉ እቲ ሓቂ ግን ንፖለቲካ ሃልኪ ዝተጠቐምሉ እምበር በቲ ዝበልዎ ልክዕ ከምዘይኮነ ብዙሓት ይስማዕማዑ። እዚ ኣካይዳ ነቲ ሓረስታይ ሙሉእ ብሙሉእ ባዓል ዋና መሬቱ ኾይኑ መሰል ምሻጥን ምልዋጥን ክህልዎ ዘይምግባሩ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ዓውዲ ግብርና እውን ዓብዪ ማሕነቖ ኮይኑ ቀፂሉ እዩ። እቲ ገባር መሰል ምሻጥን ምልዋጥን መሬቱ ብዘይምርካቡ ኣብ ዓውዲ ግብርና ክንደየናይ ዝኣክል ኣሉታዊ ተፅዕኖ ከምዘዕረፈ ንምብራህ ዝኣክል ኣርባዕተ መከራኸሪ ነጥብታት ከምዚ ዝስዕብ ኣቕሪቦዮም ኣለኹ።

ቐዳማይ ብዓውዲ ሕርሻ ዕዉት ዘይኮነ ወይ ተገዳስነት ዘይብሉ ሓረስታይ እታ መሬቱ ብምሻጥ ዝረኸባ ርእሲ ማል ብምሓዝ  ዕዉት ክኾነሉ ይኽእል እየ ናብ ዝብሎ ዓውዲ ስራሕ  ክይኣቱ ይግደድ ምህላዉ እዩ። ብኻልእ ኣበሃህላ ሓደ ሓረስታይ ኣብ ዓውዲ ሕርሻ ምንም እኳ ዕዉት እንተ ዘይኰነን ነቲ ስራሕ እንተ ዘይፈተዎን ኣብ ካልእ ዓውዲ ስራሕ ንምጅማር መበገሲ ክኾኖ ዝኽእል ርእሰ - ማል ስለዘይብሉ ዕድሜኡ ምሉእ ብዘይ ድልየቱ ኣብ ዓውዲ ሕርሻ ተፀሚዱ ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ዝኾነ ህይወት ንኽመርሕ የገድዶ።እዚ ንኣሳልጦ ሕርሻ ትካላት ይንክዮ ጥራይ ዘይኰነስ ምዕባለ ካልእ መዳያት ቍጠባ እውን ክሳፀዩ ይገብሮም እዩ። በቲ ኻልእ ሸነኽ ከኣ ሓደ ሓረስታይ ነታ ዘለቶ ንእሽቶ መሬት ብዝግባእ ሓሪሱን ኣለሳሊሱን ፅቡቕ ምህርቲ ዝእክብ እንተ ኾይኑ ነቲ ኻብ ሕርሻኡ ዝረኸቦ ተረፍ ሸይጡ ሒደት ገንዘብ ክሕዝ ይኽእል እዩ። እዚ ሓረስታይ ኣብ ሕርሻኡ ዕዉት ኣብ ስርሑ ድማ ሕጉስ እንተ ኾይኑ እታዘላቶ ንእሽቶይ ተሓራሲት መሬት ከስፍሕ ዝያዳ መሬት ብምዕዳግ ፍርያቱ ከዛይድ ድሌት ከሕድር ይኽእል እዩ። ይኹን እምበር ናይታ ሃገር ናይ መሬት ፖሊሲ ነዚ ስለዘይፈቅድ ሓረስቶት ሕርሻኦም ኸስፍሑን ምህርቶም ከሰስኑን ዘለዎም ባህጊ ይድርቶ። ነቶም ዕዉታት ሓረስቶት ከኣ ኣብ ቅንጣብ መሬት ተሓፂሮም ክነብሩ ይገብሮም። እዚውን ብግዲኡ ሓረስቶት ዝያዳ ሃፍቲ ናይ ምርካብ መሰሎም ጥራይ ዘይኰነስ ኣብ ዓውዲ ሕርሻዊ እውን ኣብዚ እቶ ዝበሃል ዕቤት ንኸይመፅእ ዕንቅፋት ይኸውን። ኣብዙይ ናተይ ኣቦ ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል። ኣቦይ ብርሌው ኣባተ ይበሃል። ፃዕራምን ጠንካራን ሓረስታይ እዩ። ኣፍታ ዘላቶ ክልተ ሄክታር ዝስፍሓታ መሬት ንልዕሊ ዒስራ ዓመታት ኣብ ግብርና ተዋፊሩ ፀኒሑ እዩ። ይኹን እምበር እታወታት ግብርና ካብ ምምሕያሽ ዝፈጠሮ ዕድል ወፃኢ በቢዓመቱ ኣብ ዝረኽቦ ምህርቲ ኣብዚ እቶ ዝበሃል ፍልልይ እንትህሉ ኣይረአን። ኣብ እዋን ቍልዕነተይ በዚ ኣዝየ እየ ዝምስጥ ነይረ፤ ዓመት ምሉእ ኣበርቲዕና ዋላ እንተፀዓርና ኣብ እንረኽቦ መጠን ምህርቲ ግን ለውጢ ኽነምፅእ ኣይከኣልናን ። ኣቦይ ፃዕራምን ሞያኡ ዝፎቱን ሓረስታይ እኳ እንተ ነበረ ኣብ ሃገርና ዘሎ ናይ መሬት ፖሊሲ ተወሳኺ መሬት ብምዕዳግ ሕርሻኡ ከስፍሕን ምህርቱ ከዛይድን ኣይፈቐደሉን። ብዙይ ምኽንያት በቢ ዓመቱ ዝረኽቦ መጠን ምህርቲ ኣብዚ እቶ ዝበሃል ምምሕያሽ ከይገበረ ዓመታት ነጒዶም።

በቲ ኻልእ ሸነኽ እንትረአ ናይ መሬት ፖሊሲ ነቲ ሓረስታይ መሬት ናይ ምሻጥን ናይ ምልውዋጥን መሰል እንተዝህቦ ሓደ ኣብ ሕርሻዊ ሞያኡ ዕዉት ዘይኰነ ሓረስታይ ብታ ነታ መሬት ብምሻጥ ዝረኸባ ርእሰ ማል ዝያዳ ዕዉት ክኾነሉ እኽእል እየ ናብ ዝብሎ ዓውዲ ስራሕ (ኢንዱስትሪ ወይ ኣገልግሎት) ብምውፋር ህይወቱ ብምምሕያሽ ኣብ ቍጠባዊ ዕቤት እታ ሃገር  እውን ናይ ባዕሉ ግደ ኽፃወት መኽኣሎ ነይሩ። ብቲ ዓውዲ ዕዉት ዝኾነ ሓደ ሓረስታይ ድማ ብዘረኸቦ መጠን ርእሰ-ማል ዝርገሐ መሬቱ ብምስፋሕ ዝሓሸ ፍርያት ክረክብ ይኽእል። በዚ ኣካይዳ እዚ ኣብ ዓውዲ ግብርና ዘሎ ዕውትነት ብምጉልባት ካብዚ ዝርከብ ፍርያት ዕለታዊ ጠለብ ምግቢ ብምሽፋን ከምኡ እውን ንደገ ሰደድ ብምግባር ፍልፍል ኣታዊ ኮይኑ ከገልግል ምድጋፍ ምተኽኣለ። ብኻልእ መዳይ መሬት ክሸየጥን ክለዋወጥን የብሉን ዝብሉ ወገናት  ሰለስተ መማጎቲ ሓሳባት የልዕሉ። ብመሰረት እቲ ቀዳማይ ስነ-መጎት መሬት ክሸየጥን ክለዋወጥን ይከኣል እዩ ተባሂሉ እንተዝፍቀድ እቲ ሓረስታይ ዘለዎ መሬት ሸይጡ ናብ ከተማታት ክመዛበል ይኽእል እዩ ዝብል ስግኣት የቐምጡ። እዙይ እውን ስደት ብምብእኣስ ቁፅሪ ስራሕ ስእነት ክውስኽ ይገብር እዩ ኢሎም ይምጉቱ። ከም ኣገላልፃ እቲ ኻልኣይ መከራኸሪ ሓሳቦም ድማ ኣብ ከም ኢትዮጵያ ዝበላ እኹል ትሕተ-ቕርፂ ዘይብለን ዓበይቲ ዓድታት ዋንነት መሬት ንውልቀ ሰባት እንተተዋሂቡ መንግስቲ መሰረተ-ልምዓት ንምዝርጋሕ እንትደሊ እቶም ውልቀ ሰባት ብርክት ዝበለ መጠን ካሕሳ ስለዝሓቱ ነቲ ዕዮ ከደናጒዮን ካብ ዓቕን ንላዕሉ ሃፍቲ ከውፅእ ከገድዶን ይኽእል እዩ በሃልቲ እዮም ። እቲ ሳልሳይ ስነ-መጎት መሬት ምሻጥን ምልዋጥን ከይህሉ ዝተገበረሉ ቐንዲ ምኽንያት ኣብ ሃገርና ብፍላይ ከዓ ዝበዝሕ ሓረስታይና ድኻ ስለዝኾነ ንእሽተይ እንትፅግሞ መሬቱ ክሸይጥ ይኽእል እዩ፤ ከም ውፅኢቱ ድማ መሬት ኣብ ትሕቲ ውሑዳት ወነንቲ ክውህለል ብምግባር እቲ ተቓሊስና ዝሰዓርናዮ ስርዓት ጒልቲ ክምልስ ዘኽእል ባይታ ክፈጥር ይኽእል ዝብል እዩ ። ስለዚ ነቲ ሓረስታይ ንምሕላውን ከይዱ ከይዱ ክፍጠር ዝኽእል ስርዓት ጒልታ ከይፍጠር ንምክልኻልን መሬት ዘይሸየጥን ዘይለወጥን ሃፍቲ ክኸውን ኣለዎ ኢሎም ይኣምኑ። እቲ መሬት ይሸየጥ ይለወጥ ተባሂሉ እንተዝፍቀድ እቲ ሓረስታይ መሬቱ ሸይጡ ከተማ ክኣቱ ይኽእል እዩ ዝብል ሓሳብ ግን ኣብዚ እቶ ዝበሃል ስነ-ሞገት ኣይኮነን። እቲ ምንታይ እሲ ግብርና ዓርሱ ዝኸኣለ ብቕዓትን ፃዕርን ዝሓትት ስለ ዝኾነ ኣብዚ ዓውዲ እዚ ዘይተሳኸዐሉ ሰብ መሬቱ ሸይጡ ናብ ከተማ ብምኻድ ዘዋፅኦ ስራሕ ክሰርሕን ኣማራፂ ዓውደ-ስራሕ ክረክብ ምሕጋዝ እምበር በዚ ምኽንያት መሰል ዋንነት መሬቱ ምኽልካል ከእምን ኣይኽእልን። መሰረተ ልምዓት ኣብ ዘይተስፋሕፋሓሎም ከባቢታት ብምኽንያት ዋንነት መሬት ናይ ውልቂ ምኳንን ዝያዳ መጠን ካሕሳ ምሕታትን ዝርጋሐኡ ክተኣጓጎል ይኽእል ዝብል ሓሳብ ስነ-ሞገት እውን እንተኾነ ክንደኡ ዝኣክል ዘኽይድ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ስግኣታት ንምቕራፍ መገደዲ መስርሓት ምንዳፍን ምስ ፖሊሲ መሬት ብምውህሃድ ብቐሊሉ

ክፍተሐሉ ዝኽእለሉ ኣገባብ ክፍጠር ይከኣል እዩ። መሬት ክሸየጥ እተተፈቒዱ ስርዓት ጕልታ ክምለስ ይኽእል እዩ ዝብል ሓሳብ እውን እንተኾነ ማይ ዝቛፅር ስነ-መጎት ኣይኮነን። ምኽንያቱ ሓደ ሓደ ገባራት ብዙሕ መጠን መሬት ብምዕዳግ ናይ መሬት ሃፋትም ስለ ዝኾኑ እቲ ዝሸጠ ድማ ናይዞም ሃፋትም መዓልታዊ ሸቃሊ ስለዝኸውን ስርዓት ጕልታ ክምለስ ይኽእል እዩ ማለት ዘይከኾን ይኽእል እዩ ። ልዕሊ ኹሉ ግና እቶም እናሃፍተሙ ዝኸዱ ዘለዉ ሓረስቶት ነቶም ማእከለዎት ወይ ትሑት መነባብሮ ዘለዎም ሓረስቶት ኣብ ናይ ሕርሻ መሬቶም ክሰርሑ እንተኽእልዎም ርእሰ-ማላዊ ስርዓት እዩ ዘመላኽት። ፍትሒ ክሻዕ ዝሃለወ ኣብ ውሸጢ ርእሰ-ማላዊ ስርዓት ዝህሉ ናይ ሃፍቲ ምብልላፅ ሃገር ክጎድእ ኣይኽእልን። ኣብ ውሽጢ ስርዓት ጕልታውነት እቲ ኣገልጋላይ ምንም ዓይነት ውሕስና ሕጊ የብሉን ። እቲ ጕልተኛ ልዕሊ ሕጊ እዩ። ሐዚ ግን ሓደ ርእሰ-ማላዊ እንተዝፍጠር መንግስቲ ስለ ዘሎ ካብ ሕጊ ንላዕሊ ክኾን ኣይኽእልን። እቶም ዝቖፅሮም ሸቃሎ ዝግበኦም ፍረ-ፃማ ንኽህቦምን መሰሎም ክሕልዎምን ይግደድ እዩ። ልዕል ኢለ ከምዝገለፅክዎ ሕግን ሳዕለዋይነይ ሕግን ስለዝህሊ መንግስቲ እውን ሕጊ ናይ ምክባር ሓላፍነት ስለዘለዎ እዙይ ብምንመ መልክዑ ክፍጠር ኣይኽእልን። ብቐንዱ መንግስቲ ኣብ ፍትሓዊ ክፍሊት ፍረ-ረሃፅ ሸቃሎን ምኽባር ሰብኣዊ መሰሎምን ኸትኩር ኣለዎ ። እዙይ እንተኾይኑ ናይ መሬት ሃፍታም ምፍራይ ንኢትዮጵያ ናብ ስርዓት ጕልታ ክምልሳ ኣይኽእልን።

እቲ ኻልኣይ ፀገም ከኣ መብዛሕቲኡ ህዝብና መነባብሮኡ ኣብ ሕርሻ ጥራይ እተሓፀረ ምዃኑ ኢዩ። 80 ሚእታዊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ገፀር እዩ ዝነብር፣ ኣብ ኸተማ ዝነብር በዝሒ ህዝቢ ድማ 20 ሚእታዊ ጥራይ እዩ ። ኣቲ ኣብ ገፀር ዝነብር 80 ሚእታዊ ሓረስታይ ነቲ 20 ሚእታዊ ከተመታይ ክቕልብዎ ኣይከኣሉን፡፡ ኣብ ሕቡራት መንግስትታት ኣሜሪካ ግን እቲ ገባር 2 ሚእታዊ ዝኸውን ህዝቢ ጥራሕ እዩ። ካልእ ክፋል እቲ ህዝቢ ግን ካብ ሕርሻ ወፃኢ ኣብ ዘለዉ ዓውድታት ስራሕ ዝተዋፈረ እዩ። እዞም 2 ሚእታዊ ዝኾኑ ሓረስቶት ነቲ ዝተረፈ 98 ሚእታዊ ዝኾን ህዝቢ ቀሊቦም ፣ ኣፅጊቦም ብተወሳኺ ንርዳእታን ንናይ ደገ ዕዳጋን ዝውዕል ምህርቲ የፍርዩ፡፡ ኣብ ኣሜሪካ ጥራሕ ከይኮነስ ኣብ ካልኦት ዝማዕበላ ዓድታት ዝርከቡ ሓረስቶት እውን ብተመሳሳሊ መንገዲ ውሕስነት ምግቢ ህዝቦም ኣረጋጊፆም ንናይ ደገ ዕዳጋ ዝሽውን ምህርቲ ዘፍርዩ በዝሓም እንትረአ ብጣዕሚ ውሑዳት እዮም። እዙይ ክኾን ዝኽኣለ ትሕዝቶ መሬት እቶም ሓረስቶት ካብ ናትና ብተፃራሪ ብጣዕሚ ሰፊሕ ስለ ዝኾነ እዩ። እዞም ብቑፅሮም ውሑዳት ዝኾኑ ሓረስቶት በዓል ዋናታት ሰፋሕቲ መሬት እዮም። ኣብ ሃገርና ዘለዉ ሓረስቶት ብቑፅሮም ዋላ ብዙሓት ይኹኑ ዝውንንዎ ስፍሓት መሬት ግን ብማእኸላይ ብጣዕሚ ውሑድን ዝተበታተሸን እዩ።

ሓረስቶት ብጣዕሚ ሰፋሕቲ መሬት እንትሕዙ ዝለዓለ መጠን ፍርያት ክህልዎም ይኽእል። እዙይ እውን Economy of Scale (ነጋዶ/ሓረስቶት ስፍሓት ምህርቶም ብምዕባይ ክምዝምዝዎ ዝኽእሉ ናይ ወፃኢ ብልጫታት የመልክት) ክፍጠር ወይ እውን ብርክት ዝበለ ምህርቲ ብምፍራይ ንሕድሕድ ምህርቲ ዝውዕል ናይ እታወት ወፃኢታት ክንክይ ይረድእ። ፅባሕ እቲ ቓልሲ ናይ ደርጊ መንግስቲ ዝገበሮ ኣብ ኣተሓሕዛ መሬት ዘድሃበ ምትዕርራይ (መሬት ንሓራሲኡ) ዝርጋሐ ትሕዝቶ መሬት ብስፍሓቱ ዝተበጣጠሰ ንኽሽውን በሪ ከፊቱ እዩ። ቑፂሉ ዝሰዓበ ናህሪ ምውሳኽ ቑፅሪ በዝሒ ህዝቢ እውን እንተኾነ ነቲ ምብጥጣስ ስፍሓት ትሕዝቶ መሬት ኣበኣኢስዎ እዩ። ናይ ሃገርና ናይ መሬት ፖሊሲ እውን እንተኾነ ናይ መሬት ምሻጥን ምልውዋጥን ዘበረታትዕ ብዘይምዃኑ ኣብ ብዙሓት ሓረስቶት ተበጣጢሱ ዝርከብ መሬት ናብቶም ዕዎታትን ውሑዳትን ሓረስቶት ከይእከብ ገይሩ እዩ። ብዙይ እውን ኣብ ዓውዲ ግብርና Economy of Scale ከይፍጠር ብምግባር እቲ ዓውዲ ብዝለዓለ ብርኪ ክህሰ እናገበረ ይርከብ።

እቲ ሳልሳይ መጕተይ ብዝሒ ህዝቢ እናወሰኸ ምምፃእ ተኸቲሉ ዝተኸስተ ፀገም ኣተሓሕዛ እተመቓቐለ መሬት ንኸይፍታሕ ዝዓግቶ ምዃኑ እዩ። ማለት እውን እተመቓቐለ ትሕዝቶ መሬት ነቲ ሓረስታይ ካብ ዕንክሊል ሕሱም ድኽነት(Viscous Circle of Poverty) ንኸይወጽኦን ብእተፈላለዩ እታወታት ተክኖሎጅ ሕርሻ ብምድጋፍ ምህርቱ ንኸይውስኽን ከምኡ እውን ኣብ ዓመት ክልተ ወይ ሰለስተ ሻዕ ምህርቲ ንኸፍሪ ምፍታን ጥራሕ ዘይኰነስ ብዛዕባኡ ንኸይሓስብ ዝገብርን እዩ። እቲ ሓረስታይ ብናይ ባዕሉ ዓቕሚ እታወታት ሕርሻን ውፅኢታት ቴክኖሎጅን ክዕድግ፤ ሰብ ሞያታት ቆፂሩ ከስርሕ ዝኽእል ናይ ሰፋሕቲ መሬት በዓል ዋና ክኾን ከሎ ጥራሕ እዩ። ካብ ሓደን ክልተን ሄክታር ዘይበልፅ ቁራስ መሬት ሒዙ ግን እዞም ልዕል ክብል ዝዘርዘርናዮም ነገራት ክሓስቦም ኣይኽእልን። ዋላ እንተሓሰበ እውን ናብ ግብሪ ከውዕሎም ዓቕሚ ክህልዎ ኣይኽእልን። ፈለማ ብዘለዎም ውሱን ሃፍቲ መሬቶም ከስፍሑን ምህርቶም ከሰስኑን ክፍቀደሎም ይግባእ። ቀፂሉ እዚ ሀፍቲ እናስፈሐ ጎኒንጎኒ ቴክኖሎጂ እናለመደን ኣብ ግብሪ እናውዓለን ናብ ሜካናይዜሽን ከሰጋግሮ ይኽእል። ንኣብነት ክልተ ሄክታር ዝስፍሓታ መሬት ዘላቶ ሰብ ናይ ማይ ጕድጓድ ኵዒቱ ናይ ሓጋይ ማሕረስ ንኽትግብር ድሌት ክህልዎ ኣይኽእልን። ብውልቁ ሰብ ሞያታት ቖፂሩ ዕዮታቱ ብሳይነስ ንምድጋፍ እውን እንተኾነ ክሓስብ ኣይኽእልን ኣናእሸቱ መሳለጥያ ማሽናት ንምግዛእ ዓቕሚ ኣይክረክብን። እንተዝህልዎ እኳ ብመንፅር ዘለዎ ስፍሓት መሬትን ንቶም መሳለጥያታት ንምግዛእ ዘውፅኦም ወፃእታት እንትረአ ብዙሕ ጥቕሚ ዘርክብ ኣይክኾንን። ሰፊሕ መሬት ዘለዎ ሓረስታይ ግን እቶመ ልዕል ኢልና ዝዘርዘርናዮም ነገራት ኣብ ግብሪ ንምውዓል እክፅገምን። እዙይ እዞም ተግባራት እንተዝፍፅም ከፍቲ ዘውፅኦም ወፃኢታት ብላዕሊ ዝረኽቦ ረብሓ ዝለዓለ ይኸውን።

እቲ ራብዓይ ዓብዪ ፀገም ክፍጠሩ ዝኽእሉ ቀጠባዊ ፀገማት እዮም ። ምዕዳግን ምሻጥን ቀንዲ ሕመረት ቍጠባ እዮም ። ብዘይ እዚ ኸኣ ዕዳጋ ክህሉ ኣይኽእልን ። ብዘይ ዕዳጋ ድማ ዕቤትን ሓድሽ ምህዞን ምሕሳብ ኣይካኣልን

። ኣብ መንጎ ሓረስቶት ምሻጥን ምቕያርን የለን ማለት ነቲ ዕዳጋ ኻብ ህይወት እቲ ሓረስታይ ምውፃእ ማለት እዩ። ኣብ ሓደ ስርዓት ቊጠባ ጠለብን ቀረብን ዚቕይድ ሕግታት ምውፃእ እቲ ቊጠባ ንኸይንቀሳቀስ ምቕያዳ ማለት ዶ ኣይኮነን? መሰል ምሻጥን ምቕያርን መሬት እንትኽልከል ብፍላይ ኣብ ከም ኢትዮጵያ ዝበላ ኣብ ሕርሻ ፅግዕተኛታት ዝኾና ሃገራት ዝለዓለ ናይ **ማክሮ ኢኮኖሚ ተፅዕኖ የኸትል።** ኣብ ርእሲ እዚ ዋላ ኣፍቲ ቅዋም መንግስቲ ኢትዮጵያ መሬት ናይ “ህዝብን መንግስትን” ተባሂሉ እተተገልፀ ኣደዳ ፍልፍል ሃፍቲ ካድረታትን ደለልትን ኮይኑ ምትራፋ ግን ብተደጋጋሚ ይለዓል እዩ። **ኣብ ሃገርና መሬት ንዝተቐመጠሉ ዓላማ ከምዘይወዓለን ፍልፍል** ብልሽውናን ዘረፋን ከም ዝኾነን ብስፍሓት ይዝረብ። በቲ ኣብ ስንፍላል ዘሎ ውሕስና መሰል በዓል ዋናነት መሬት ዘይህብ ኣሰራርሓ ሕጊ ምሕደራ መሬት ዝቕፅል ዘሎ ዓውዲ ግብርና ካብ ገንዘብ ብተወሳኺ ቴክኖሎጅን ፍልጠትን ዝስሕብ መዋፀኢ ዓውዲ ቊጠባ ክኾን እንተደኣ ተደልዩ መሰል ዋንነት መሬት ዝምልከት ቅልጠፍ ምምሕያሽ ምግባር ንፅባሕ ዘይበሃል ዕዮ ክኾን ይግበኦ።

ብሓፈሽኡ ክርአ ኸሎ ፖሊሲ መሬትና ነቲ ሓረስታይ መሰል ምሻጥን ምልውዋጥን መሬት እንተዝህቦ ኣብ ሕርሻ ፍርያትን ፍርያታውነትን ከም ዝውስኽ ብምግባር ንዘፈር ኢንዱስትሪ እታወት ምኾነ ነይሩ ። እዚ ኸኣ ሓፈሻዊ ቑጠባዊ ዕቤት የቀላጥፍ ። እቲ ገባር ኣብልዕሊ መሬቱ ምሉእ ናይ ምሻጥን ምልውዋጥን መሰል ክረጋገፀሉ ይግባእ። **ስለዚ እዞም ብዛዕባ በዓል ዋናነት መሬት ዝምልከቱ ጉዳያት ዝሓዙ ፖሊሲታት ንኽመሓየሹ ኲሉ ኣእጃሙ ክዋፃእ ይግባእ። ምሁራት ኣብዚ ጉዳይ ስፍሕ ዘበለ ፅንዓትን ምርምርን ክገብሩ ኣለዎም። መውፃእቲ ፖሊሲ እውን እንተኾኑ እዚ ጉዳይ ዳግም ክፍትሽዎ ይግባእ።** መንእሰያት እውን ኣብ ሓላፊን ስምዒታውን ጒዳያት ዘይኰነስ ኣብቲ ንህይወቶም ብቐጥታ ዚፀሉ ማሕበራውን ቁጠባውን ፖለቲካውን ጉዳያት ከተኲሩ ይግበኦም።ወለዶይ ካብ ናይ 1960ታት ትውልዲ ክመሃሮ ዝግበኦ እንተሃለወ ካብቲ ግዝያውን ዘይጠቅምን መጐታትን ድፍኢታትን ወፂና ኣብ ዘመን ዝሳገሩን ነባሪ ረብሓ ክህቡና ኣብ ዝኽእሉ ሓሳባት ኣትኲርና ምምይያጥ ከም ገዛኢ ልመዲ ምግባር ይኸውን። ካብዚ ብላዕሊ እውን ንግዜኡ ዝምጥንን ናይቲ መንእሰይ ወለዶ ድሌት ማእኸል ዝገበረ ናይ ፖሊሲ ምምሕያሻት ክግበር ምቅላስ ኣድላዪ እዩ። **እዚ ምግባር እንተዘይኪኢልና መፃኢናን ዕድልናን በቶም ዝኣረጉ፣ ኣገልገሎቶም ዝወደኡን ንግዜና ዘይምጥኑን ፖሊሲታትን ሕግታትን ኣሕሊፍና ንምሃብ ንግደድ።** እዚ ኸኣ ኣብዚ ናይ ቴክኖሎጅ፣ሓበሬታን **ዲጅታላይዜሽን** መዋእል ክንወዳደር ከም ዘይንኽእል ዝገብርን ዝበለፀ ንድሕሪት ክንተርፍ ዘገድደን እይሞ ክሕሰበሉ ይግባእ።

## ይድነቃቸው ሰለሞን:ኢትዮጵያ ኣብ ሕልናይ፡ ካብ ናይ ብሄር ፖለቲካ ንምህዳም ዝቐረበ ርድየታዊ/ጉነደባይታዊ (ራይዞማዊ) ፍታሕ

### ደወል 1፡ ሕንቅልሕንቅሊት ቁለዕነተይ ኣብ ሰላሌ

ሀገረይ ውቅብቲ እያ። ቐፅሪ መረባና ብቐላሚንጠስ፣ ፅሕዲ፣ ታምቦኽ፣ ናዕናዕ፣ ሰቲ ሰምሃል፣ ሰሰግ፣ ጨናኣዳም፣ ሰርዲ፣ ሰቲ፣ ሳዕሪ ሓርማዝን ብዙሕ ሕብረ-ቀለማት ዝወነኑ ውቑባት ዕምበባታትን እዚኦም ብዝዕድምዎም ኣናህብን ኣዕዋፋትን ከምኡ እውን ብሳሓቅን ፀወታን ቆለዑ ዝደመቐት እያ፤ መረባና። እዚ ድምቀት ንመፍጣር ብዙሕ ገንዘብን ጉልበትን ፈሲሱ እዩ፤ ንተኽሊ፣ ንኮዓቲ፣ ንተኻሊ፣ ንኾስኳሲ ከምኡ እውን ኣደይ ምሸት ምሸት ንተኽሊ ንእተስትየሉ ማይ። ኣደይ ቁርሲ ክሳዕ እተዳልወለይ ንጉሆ ንጉሆ ጥዑም ክሌማ መረባና እናስተማቐርኩ እንትዛወር ዝተፈለየ ስምዒት ይስመዐኒ። ኣብ ኸባቢና ብስፍሓትን ብዓቐን በዝሒ ኣግራብን ዓይነት ዕምበባታትን ንመረባና ዝበልፅ ብዘይ ቤት ትምህርቲ ኣብዲሳ ኣጋ ካልእ ዘሎ ኣይመስለንን። እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ቀረባና ስለ ዝነበረን ኣደይ እውን ኣብኡ ትሰርሕ ስለ ዝነበረትን ዳርጋ መረባና እዩ ነይሩ። ኣብ መስከረም 1986 ዓ.ም ቤት ትምህርቲ ኣቢዲሳ ኣጋ ናይ ኣምሓርኛ ተመሃራይ ኣይቅበልን ኣይፋል ኢሉ። ከም ውፅኢት ናይዚ ድማ ወዲ 6 ዓመት ምስ ኮንኩ ካብ ገዛይ ንኣስታት ሓደ ሰዓት ርሒቑ ናብ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ኣብዮት ፍሬ ብምኻድ ኣብ ቀዳማይ ክፍሊ ተመዝገብኩ ። ኣቦይ ብሰንኪ እዚ ጉዳይ ኲሉ ጊዜ ይርበሽን ይሓርቕን፤ ጭሕሙ እንትላፂ፣ ካራቫቱ እንትኣስር፣ ጨና እንትገብር፣ መንዲል እንትዓፅፍ፣ ጫማኡ እናኣሰረ፣ ጨጉሩ እናሰንተረ፣ ምግቢ እናበልዐ ... በቃ ኲሉ ጊዜ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ኣዝዩ ይሓርቕ።

- --ኣምሓርኛ ብምዕፃው ንኦሮምኛ ዝጠቐሙ ድዩ መሲልዎም!?
- -- ዓርክኻ እዩ እኹል ናይ ኣምሓርኛ ተምሃሮ የለዉን ኢሉ ሪፖርት ዘቕረበ
- -- ኣነ ሕማም ቋንቋ የብለይን
- --በርትዕ እሺ ኣጀኻ በርትዕ -- ናይ ደፍተር ቦርሳይ ጠርኒፈ ክወፅእ ከለኹ

መሸጎር ገዛና ኸፊተ እናጎየኹ በቲ ኣውልን ዛዕዛዕታን ዝሸፈኖ ሜዳ ፊትአውራሪ አመዴ አበራ ኣቋሪፀ ናብ ቤት ትምህርቲ ኣብዮት ፍሬ ሰለይ እንትብል አይተ ካቻ ‹‹ እቲ ቌሪ ቌሪ እዩ ናይ ኣድጊ ቐርኒ እዩ›› እናበለ ከም ስሙ ዞግ ዞግ እናበለ ሓሊፉኒ ከደ። ኣቦይ ብተደጋጋሚ ‹‹ ኣነ ሕማም ቋንቋ የብለይን›› ክብል ይሰምዖ እየ። እንታይ ንምባል ደልዩ ምዃኑ ግን ኣይርደአንን።

ካብ ኣቢዲሳ ኣጋ ናብ ኣብዮት ፍሬ ዝገበርክዎ ጉዕዞ ብሰንኪ ፖለቲካ ቛንቋ ዝተፈጠረ ምምዝባልን አዕፅምትኻ ዝሰብር ፍልሰት ከም ዝኾነ ድሒሩ እዩ ተረዲኡኒ።

ሎሚ ሎሚ እሞ ኸዓ ብደምቢ ተረዲኡኒ እዩ። እቲ ብቛንቋ ዝምራሕ ፖለቲካ ብባህሪኡ ሰጓጕን መመዛበሊን ምዃኑ ተረዲኡኒ ኣሎ። ሃገረይ ፖለቲካ ቛንቋ ብዝወለዶ ቅልውላው ዝተፈጥረ በዝሒ ቁፅሪ ተመዛበልቲ ውሽጢ ዓዲ እንትረአ ካብ ዓለም ኣብ ቅድሚት ክትስራዕ ኣኽኢሉዋ እዩ። ኣነ ኣብ ዝነብረሉ ዘለኹ ከተማ ደብረብርሃን ጥራሕ ናብ 90,000 ዝፅጋዕ ተማዛባሊ እናተሳቐየ ይርከብ። ምምዝባሉ ካብ መረበቱ ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ ሕልናኡ እውን ስለ ዝኾነ ብስነ-ልቦና ቆሲሉ ይርከብ። ሕበረተሰባዊ ዝምድናኦም እውን እንተኾነ ካብ ሱሩ ተሓኺኹ እዩ። ንመንፈስ እቲ ዝፀሓፍክዎ ቴማ ኸይርብሾ ስለዝሰግእን ንቐባሪ ምርዳእ ስለዝኾነንን ብምኽንያት ፖለቲካ ዝበፅሐ ምምዝባል፣ ሞትን ዕንወትን ህዝቢ ዝገልፁ መረዳእታታት ካብ ምፅራሕ ክቑጠብ እየ። ስለምንታይ እዩ እዚ ኹሉ ስቓይን መከራን ኣጋጢሙና?

ዕላማ እዚ ድርሰት/ፅሑፍ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ናይ ‹‹ብሔር፣ ብሄረሰባት ህዝብታትን›› ፖለቲካ(ካብዚ ንደሓር ናይ ብሄር ፖለቲካ ተባሂሉ ዝግለፅ) ዘስዓቦ ፀገማት ንምእላይ ድኽለት ቀዲ ኣጠማምዖታ ብሄር ብዝብል ብልሓት መፍትሒ ዝቐንዐ ሓሳብ ንምቕራብ እዩ። እዙይ ንምግባር ከዓ ፈለማ ብሄር ዝብል መሰረተ መቓናዊ ኣምሩ ‹ቋንቋ› ምዃኑ ከረድእ እየ ። ቐፂለ ፍልስፍና ላከን ተሞርኲሶ ቋንቋ ብኸመይ ነቲ ፖለቲካ መመዛበሊ ክገብሮ ከምዝኸኣለ ዝርዝር ትንተና ከቕርብ እየ። ኣብ መወዳእታ ማይ ዘየርሕሶ ምይይጥ ዘየፋኹሶ ስለዘየለ ፖለቲካዊ ውጥረት ኢትዮጵያ ንምልዛብ ብዝሕግዝ መንገዲ ናይ ዴሉዝን ጓታሪን ፍልስፍና ድኽለት ከም መፍትሒ ክረቁሕ እየ ።

## ደወል 2፡ ዳህሳስ ብሄር፡ ትርጉም ኣልቦነት እቲ ሓቀኛ ቅልውላው

‹‹ ሕቶ ብሄረሰባት ኣብ ኢትዮጵያ›› ዝብል ድርሰት ዋለልኝ መኮነን ጭቆና ብሄር ምህላዉ ኣብ ቅርዓት ብወግዒ ካብ ምልፋፉ ሓሊፉ ኣብ ዕጫ ፖለቲካ ኢትዮጵያ ወሳናይ ተራ ተጫዊቱ እዩ። ፅባሕ ውድቀት ደርጊ ኣብ ግብሪ ዝወዓለ መንግስቲ ኢፌድሪ ዝተደኮነሉ መዝገብ ቅዋም ማሕበራዊ ውዕሊ ውፅኢት ጭቆና ብሄር ዝኾነ ዝተዛበዐ ታሪኻዊ ዝምድና ‹‹ንመስትኽኻልን ናይ ሓባር ተጠቃምነት ንዕባይ ›› ዝዓለመ እዩ ነይሩ። ይኹን እምበር ብግልፂ ከምዝረኣናዮ እቲ ሕገ-መንግስቲ ካብ ናይ ፖለቲካ ድራኽ ወፅዩ ናብ ዘይዛሪ ማሕበራዊ ናዕብን ዝተናወሐ ስቓይን ኣሰጢሑና እዩ ፡ ፡ ልክዕ ከም ናይ ዓሻ ደርፊ ኣብ ሀገርና ናይ ናዕቢ፣ ህልቂት፣ ምምዝባልን ስደትን ብሓፈሻ ጠንቂ ኩሎም ማሕበራዊ ቅልውላዋት ናይ ዝኾነ ብሄር ተወላዲ ምስ ምዃንን ዘይምዃንን እዩ ዝተሓሓዝ እንትበሃል ይስማዕ እዩ። ብሄር እንታይ ማለት እዩ ኢሉ ዝመርመረ እንተሎ እቲ ቓል ፍታሕ ከምዘይብሉ ይግንዘብ። ሓደ ፀሓፊ ከም ዝገለፆ ‹‹ብሄር ንባዕሉ ብዘርኢ፣ ብባህሊ፣ ብእንዳን እምነትን ተጠቒሊሉ ኣብ ማእኸል ዓበይቲ ኣኽራናት ተሓቢኡ እዩ ዝነብር።›› ዝኾነ ኾይኑ፣ **ብ መሰረት ሞጋታይ ፅሑፈይ ጠንቂ ከም ሃገር ዘለናሉ ፖለቲካዊ ሕንፍሽፍሽ ኣፍቲ ሕገ-መንግሰቲ መሰል በዓል ዋናነት ዝተውሃቦን ቐንዲ ኣምር ዝኾነን ‹ብሄር›› ዝወከሎ ሰነድ ብግልፂ ድብቱር መርትዖ ሒዙ (ዝተደንገገ ዘይምዃኑ) ዘይምህላው ዝወለዶ ግልፂ ዝኾነ ማሕበራዊ ቅልውላው እዩ ፡፡**

ካብ ሕገ-መንግስቲ ፌዴሪኢ እንርደኦ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ናይ ብሄር ፍታሕ ብቐንዱ ቋንቋ ማእኸሉ ዝገበረ ምምሕዳር ዘመላኽት ምዃኑ እቲ ፖለቲካ ብመሰረት ቋንቋ ዝምራሕን ዝድረኽን ክኸውን ገይርዎ እዩ። ንኣብነት ናብ ርሑቕ ከይከድና ኣብ ኢትዮጵያ ልዕሊ80 ብሄራት ኣለዉ እንትንብል ልዕሊ 80 ቋንቋታት ምህላዎም ኣብ ግምት ብምእታው እዩ፡ ፡ ብምዃኑ ናይ ብሄር መንነት ብተግባር ቋንቋ ዝመርሖ እዩ። ስለዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ናይ ብሄር ፖለቲካ ዘይኮነስ ናይ ቋንቋ ፖለቲካ እዩ ዘሎ ምባል ይከኣል። እዙይ ዘርእየና ኣብ ኢትዮጵያ ሕቶ ብሄር እንትበሃል ሕቶ መሰል ብናይ ኣፍ መኽፈቲ ቋንኻ ምምሕዳር ምኽባር ማለት እዩ። ምጉተይ ንምጉልባት ዝኣክል ኣብ ታሪኽ ፖለቲካ ኢትዮጵያ መሰረታዊ ለውጢ ዘስዓበ ዘመነ ኣብዮት ብመንፅር ዘልዓልክዎ ጉዳይ ክምልከቶ እየ።

ማሕበር ተምሃሮ ኣብ ኣውሮፓ ‹‹ቋንቋን አብዮታዊ ቓልስናን፤ ቋንቋታት ኣብ ኢትዮጵያ›› ብዝብል ቴማ ኣብ መፅሔት ‹‹ታጠቅ›› ከምዝሰነዶ ሓደ ህዝቢ ብዝዛረቦ ቋንቋ ንምፅዋዕ (ንምውካል) ፈተነ ገይሩ ነይሩ። ኣብ መእተዊ እቲ መፅሔት እውን ብግልፂ ተቐሚጡ ንረኽቦ።

‹‹ ቐፃሊ ቓልሲ ኢትዮጵያ ዓብዪ ትርጉም ዘለዎን መደነቒ ክገብርዎ ካብ ዝኽእሉ ነጥቢታት እቲ ሓደ ጉዳይ ቋንቋ እዩ፡ ፡ ‹ቤተ-መዘክር ብሄራት › ዝኾነት ኢትዮጵያ ካብ ፅልመት ጉልታዊ ስርዓት ካብ ምንጋፍ ንላዕሊ ዝበለፀ ናይ ህይወት

ትምኒት ክህሉ ከምዘይኽእል የገንዝብ። ... ቋንቋን ኣብዮታዊ ቓልስን ጥቡቕ ርክብ ከምዘለዎም ግልፂ እዩ›› (1964፡6)፡ ፡ እዚ እንትንርኢ ጉዳይ ቋንቋ ኣብ ከይዲ እቲ ቓልሲ ቑልፊ ዛዕባ ከምዝነበረ ዝምስክር ነጥቢ እዩ።

ትካል ፅንዓት ብሄረሰባት ኢትዮጵያ ብ1978 ዓ.ም. ‹‹ ሓፂር መመላኸቲ ብሄረሰባት ኢትዮጵያ›› ብዝብል ዘሐተሞ ጥርኑፍ መፅሓፍ እንትንርኢ ካርታ መኣዝንን ምቕረሓን ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ቋንቋታት ኮይኑ ንረኽቦ። ብመሰረት ብ1987 ዓ.ም. ዝፀደቐ ሕገ-መንግስቲፌደሪኢ ኣብ ሃገርና ናይ ብሄር (‹‹ ናይ ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን››) ሰነድ ማሕበራዊ ውዕሊ ዝቖወመሉ መሰረት ኣብ መንጎ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብዘሎ ስምምዕነት እዩ እንትተብሃለ እውን ናይዚ ሓፈሻዊ ድርኺት ግን ቋንቋ እዩ።

ኣብ ኢትዮጵያ ኻብ ቋንቋ እተፈልየ ኹነታት ከም ዘሎ ንፁር እዩ ፣ እዚ ኸኣ ሓደ ቛንቋ ኣብ ትሕቲ ማስኬራ ብሄር ተሓቢኡ ኣሎ ፣ ብካልእ ሸነኽ ኸኣ ቋንቋ፣ ፖለቲከኛታት ስልጣን ንምርካብ ዝጥቀሙሉ መዐቀኒ እዩ ። ብተወሳኺ ቋንቋ መፀወዒ ብሄር ገይርናዮ ኢና። ካብዚ ብላዕሊ ቋንቋ ማእኸል ከይዱ ምምሕዳር መንግስቲ ኮይኑ እዩ። ንኣብነት ሲዳማ ክልል ምኺኑ ሲዒቡ ዝተገበረ ሸግሸግ ሰራሕተኛታት መንግስታዊ ቤት ዕዮታት ክእለት ቋንቋ ሲዳምኛ ከም ዋና ረቛሒ ተገይሩ ኣብ ግልጋሎት ውዒሉ። እዚ ጉዳይ ኣብ ካልኦት ክልላት ኢትዮጵያ ተመሳሳሊ ምኺኑ ዝሕብር ብዙሕ ጭቡጥ መርትዖታት ኣሎ ። ብሓፂሩ ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ፖለቲካዊ ውጥረት ንምዕጋት ናይ ብሄር ፖለቲካ ብናይ ቋንቋ ፖለቲካ ተኪእኻ ምፅዋዕን ምርዳእን ናይ ግድን/ኣድላዪ እዩ ።

ሓደ መምህር ቋንቋ ከም ዝበሎ ጠንቂ ፖለቲካዊ ቕልውላው ኢትዮጵያ ካብቲ ንቛንቋ ዝምልከት ዘይተፀንዐ ፖለቲካዊ ብይን ዝመፀ እዩ። ክጠቅስ። ‹‹ ቁልፊ ፀገም ኢትዮጵያ ቋንቋ እዩ። (እዙይ) ምኺኑ ገና ኣይተፈልጠን። ብምሁራት ማሕበራዊ ሳይነስን ስነ-ቋንቋን ሃገርና ኣይተፈለጠን ምባል ይከኣል። ብዝበለፀ ክፍለጥ ዝኽእል ኸዓ ብምሁራት ማሕበራዊ ሳይነስን ስነ-ቋንቋን እዩ። ብተወሳኺ ፣ ብምትሕብባር እንታይነትን ኣሰራርዓን ቋንቋ ትኹረት ገይሮም ዝሰርሑ ምሁራት፣ ቋንቋ ብዝግባእ ተዘርዚሩ እንትፍለጥ እዩ። ኣብ ከም ኢትዮጵያ ዝበለ ብዙሕነት ዘለወን ብዙሓት ሃገራት ቋንቋ ናይቲ ህዝቢ ማሕበራዊ ናብራን ከይዲ ስነ መንግስትን ከዛብዕ ይኽእል።›› ይኹን እምበር፣ ብዙሑነት ቋንቋ ብባዕሉ ፀገም ክኸውን ከምዘይኽእል ካብተን ብዙሕነት መግለፂኤን ዝገበራ ካልኦት ሃገራት ምግንዛብ ንኽእል፡ ፡ ኣብ ታሪኽ ሃገርና እውን እንኾነ ቋንቋ ማእኸሉ ዝገበረ ጎንፂ ኣይተዓዘብናን።

ዕላማ ድርሰተይ ንምዕዋት ፈረንሳዊ ፈላስፋ ጃኩስ ላካን ኣብ ባህሪ ቋንቋ ዝነበሮ ኣገባብኣ ቀራርባ ገይረ ከቕርብ። ብሓፂሩ ላካን ነቲ ፍሮይድ ኣብ ቋንቋ እተቐበሎ ጭቡጥ ኣተሓሳስባ ዘማዕበለ ፈላስፋ እዩ ። ተቐባልነት እውን ረኺቡሉ እዩ። ከምቲ ኣቦ ስነ-ቋንቋ ዝኾነ ፈርዲናርድ ዲ ሳሱ ዘብሰሮ ኣብ መንጎ ንቁስ ኣካልን ምልክትን ምንም ዓይነት ቀጥታዊ ዝምድና የለን። እዚ ዝምድና እዚ ኢደወነናዊ (arbitrary) እዩ። ኣብ ስነ-ቋንቋ ኣብ መንጎ እቶም ክልተ መርበባት (the signifier and the signified) ዘሎ ሓጓፍ ክድልደል ዝኽእል ኣይኮነን። ላካን ንርኽበት ናብ መፅናዕቲ ኣእምሮ ኣምፂኡ ብዝገበሮ ፅንዓት ህንፀት ናይቲ ኢ-ንጡፍ (ትሕተ-ውነ) ክፋል ኣእምሮ ልክዕ ከምቲ ናይ ቋንቋ ከይዲ ምኺኑ ከምዚ ዝስዕብ የረድእ።

ኣብ መነጎ ውልቀ-ሰባትን ማሕበረሰብን ብዝህሉ ጥቡቕ ዝምድና ዝህነፅ መንነት ብዘይ ቋንቋ ክሕሰብ ኣይኽእልን። ከመይሲ ቅድሚ ቛንቋ (ናፅላ ኮይንካ) ገዛእ ርእስኻ ኽተለሊ ኣይከኣልን። ኣብ ክንዳኡስ ኣከባቢኡ ምግንዛብ ኣብዘይከኣለሉ ባዕሉ ምስ ኣዲኡ ብይኸውን ስእላዊ ቋንቋ (Imagery) እዩ ዝረዳዳእ። ኹሉ ብኸምዚ ዓይነት ብርኪ እዩ ሓሊፉ። ቋንቋ ብብርኪ ስእላዊ ኣገባብ ካብ ዘማዕበልናዮ ርድኢት ብኣንፃሩ ዝተፈለየ ንፁል መንነት ይህበና። ድሕሪኡ ነቲ ናፅላ ኽንረኽቦ ንኽእል ኢና ። ሰብ ብቋንቋ ኣቢሉ ባህሉን ዓምዲታት ህንፀት ማሕበረሰቡን እናተረደኦ ይዓቢ፡ ፡ በዞም ዝረኸቦም ፍልጠታት እናተመርሐ እውን ውልቃዊ ድልየታቱ ክጉዕፀፁ ይገብር። እዙይ እውን ቋንቋ ጠንቅን ውፅኢትን መጓዕፀፂ ስምዒቱ ይገብሮ ።

ብመሰረት እቲ ላካን ዘዳለዎ ስነ-ኣእምሮኣዊ ርድኢት ሰብ በቲ ቛንቋ ኽጥቀም ካብ ዝጅምር ኣትሒዙ ብዝህነፅ ኢ-ንጡፍ ክፍሊ ሓንጎል እዩ ዝመሓደር። ቋንቋ ምኽኣል ትእምርታዊ (Symbolic) ናብ ዝኾነ ባህሊ ዝመርሐ ማሕበራዊ ስርዓት የሰጋግረና። ብንፁር ኣገባብ እንትንቕርቦ፣ ቋንቋ መንነት ደቂ ሰባት ዝፍጠረሉ፣ዝህነፀሉን ዝምዕብለሉን ኣገባብ እኳ እንተኾነ ከይዲ ኣሰራርሓ ቋንቋ ብተለዋዋጥን ስማውን መንገዲ ሓደ ሓደ ግዜ ንባዕሉ ብምልዋጥን ካልእ ግዜ ኣብ ካልኦት ጉዳያት ጣልቃ እናኣተወ ዝርከብ ብምኺኑ ቋንቋ ቀዋሚ፣ ዝተረጋገዐን ፅንዑን እምረት ከምዘይኮነ ምርዳእ ይከኣል። እዙይ ከዓ ንቋንቋ ኢ-ርትዓዊ ይገብሮ።

ካብቲ ላካን ዝሃቦ ናይ ቋንቋ ርእይቶ ኽንመሃር ከለና ንሓደ ጉዳይ ንምግላፅ ኣብ እንገብሮ ፃዕሪ ብሓደገኛ ኣገባብ ነቲ ጉዳይ ካብ ምርዳእ ነድሓርሕር ኢና። ንሓደ ምልከታ ዝውሃብ ሕላገትን መብረህን ነቲ ዋና ጉዳይ ብትኽክል ከይረአ ይሸፍኖ እዩ። ንኣብነት ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለፅክዎ ንብሄር እተዋህበ ስም ንባህርይ ቋንቋ ሸፊንዎ ይርከብ ፤ እቲ

ዝወሃብ ፖለቲካዊ መግለጺ ድማ ኣፀቢቑ ኣዛቢዕዎ ንረኽቦ። እዙይ ማለት ብቋንቋ እናተመርሐ ክኾነለይ ይኽእል እዩ ብምባል ሓቂ ብምዝባዕ ዝግበር ዝተሰሓሓተ ከተያ ዝጠልቦ ተቐባልነት በቲ ተፈጥሮኣዊ ኣእምሮና ብርቱዕ ብድሆ ይገጥሞ እዩ። እዚ ኩነት ተካኢ ፍታሕ ምስኣን ብኣተሓሳስባ ላካን እቲ ሓቀኛ ቅልውላው (trauma of the real) ይበሃል። መሪር እውን እዩ።

ብተወሳኺ፣ ብቋንቋ ንኽትመሓደር ምፍታን ከም ዘስተንትን ሰብ ዘይኮነስ ከም ኣቕሓ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ክትቆፃፀር ዘይትኽእል ተቖፃፃሪ ከም ምንጋስ ይሕሰብ። ኣብዚ ጉዳይ ከም እኒ ሐቢብ ዝበሉ ተመራመርቲ ከም መወከሲ ምምልካት ይከኣል። ብናተይ ርድኢት ኢትዮጵያ ናይ ምምዝባል ህውከት፣ ማእኸል ፍርሕን ጭቆናን ዝኾነትሉ ምኽንያት እቲ ፖለቲካ ካብ መሳርዕ ቋንቋ ዝተቐድሐ ብምዃኑ እዩ። ብመንነት ከፋፊሉ ከባልዐና ንቋንቋ ሕጋዊ ስልጣን ሂብናዮ። ንሰብ ኣይኮነን እቲ መሰል ዝሃብናዮ። እዚ ዝበልኩሉ ቀንዲ ምኽንያት፣ ሰብ ብቋንቋ እናተመርሐ ይኸይድ ደኣእምበር ንቋንቋ እናመርሐ ክኸይድ ስለዘይኽእል እዩ። ኣብ ሃገርና ዘጋጠመ ምምዝባልን ስደትን ናይዚ ጭቡጥ መርኣያ ክኾን ይኽእል እዩ። ኣነ ክሳብ ዝፈልጦ ከምዚ ዓይነት ጉዳይ ብሓፈሻ ኣብ ታሪኽን ባህልን ኢትዮጵያ ኣይተዓዘብኩን። ሀዚ ደኣ ካበይ መፅዩ? እንቴልና ካብ ቋንቋ ዝመርሐ ፖለቲካ ተጠኒሱ ስለዝተወልደ እዩ።

ብሓፈሻኡ ካፍቲ ዝቐረበ ሓተታ እዞም ዝስዕቡ ዘዕባታት ኣብ ልብና ምሕዳር ኣድላዪ እዮ፦ ቋንቋ ጠንቅን-ሳዕቤንን ጭቆና ምዃኑ፣ ጠንቂ ምምዝባልን ምግባትን ምዃኑ፣ ቋንቋ ርጉእ ፅንሰ-ሓሳብ ዘይምዃኑ ፣ ቋንቋ ኢ-ርትዓዊ ምዃኑን ተካኢ ትርጉም ክትስኣን ብምግባር መሪር ቃንዛ ዝፈጥር ምዃኑ እዮም። ናይ ሃገርና ፖለቲካ ቋንቋ ማእኸሉ ገይሩ እዩ ዝምራሕ። እዚ ኣጋጣሚ ቋንቋ መንበር ፖለቲካ ክሕዝን ናብ መሻን ፖለቲካ ክኣቱን ገይርዎ እዩ። ምትሕውዋስ እዞም ዝተፈላለዩ (heterogeneous) ዓውድታት መእተውን መውፅእን ዘይብሉ ዝተሓላለኸ ኩነታት ይፈጥር። ኣብዚ ግዜ እዚ ጉንደባይታዊ ርድኢት ይፍጠር። እዚ ሓሳብ ኢትዮጵያ ንዘላትሉ ብዙሕ ዝቐፀላኡ ሕንፍሽፍሽ ብጭቡጥ መረዳእታ ካብ ምዃን ሓሊፉ ቋንቋ ማእኸሉ ዝገበረ ብሄር ዝሕመረቱ ስርዓት ፌደራሊዝም ቀዋሚን ዝተረጋገዐን ሕብረተሰብ ንምህናፅ ከምኡ እውን ሃገር ንምፅናዕ ዘለዎ ተስፋ ኣብ ውሽጢ ሕቶ ምልከት ክኣቱ ገይርዎ ይርከብ።

## ደወል 3፡ ርድየታዊ/ጉንደባይታዊ (ራይዞማዊ)፦ ኣማራፂ ፍታሕ

ፈረንሳውያን ፈላስፋታት ጊለስ ድሉዝን ፍለክስ ጓታሪን ከም አቆፃፅራ ኣውሮጳውያን ብ1976 ወይ እውን ብ 1984 ዓ.ም ኣብ ውሽጢ ዝፀሓፍዎ ኣሽሓት ንብዓት ዘርእስቱ መፅሓፍ Rhizome (ጉንደባይታዊ[1]) ዝተብሃለ ፅንሰ-ሓሳብ ምሂዞመ እዮም። ብሓፂሩ እዚ ኣምር ዘለናሉ ዝተሓላለኸ እዋን ዘመላኽት እዩ። ጉንደባይታዊ (ራይዞም) ካብ ስነ ፍልጠት ኣትክልቲ እተቐድሐ ምስ ምንቅስቓስ ሱር ኣትክልቲ ተናቢቡ ዝኸድ መለሳ ኣገባብ ዝገልፅ እዩ። ናይ ጉንደ ባይታ ተፃራሪ ኦም እዩ። ኣብ ሃገርና ኦምነት ዝገልፅ ግጥሚ በዕውቀቱ ስዩም ንርአ።

> ‹‹መሆን ከተመኘህ ዛፍነትን ምረጥ፤
> ቆርጠውኽ ሲሄዱ ሺህ ሆነህ አቆጥቁጥ።››
> (‹‹ምዃን እንተደሊኻ ኦም ምዃን ይሓሸካ፤
> እሶም እንትቖርፁኻ ክትወፅእ ጠጢዕኻ››)

ከም ኣተሓሳስባ ኣምር ጉንደባይታውነት ንዝሕለቑ ኣካላት ቀንዲ ትሕዝቶ እዚ ግጥሚ ዝዓረፈሉ ኣገባብ ነቲ እዋን ዘይበጀወ (aborescent thinking) ርኢቶ እዩ። ብርግፅ ኣይብጅውን። ማለት እውን፣ ዓብላልነት ቁፅሪ ሓርነት ከኀናፅፍ ኣይኽእልን። ኣብዚ ዘመን ሓርነት ንምርካብ ፅፈት ሓሳብ ፣ ንብዙሕነት ዘለካ ቅኑዕ ርዲኢት፣ ተዓፃፃፋይነት(flexibility) ፣ ሓቛፋይነትን ንዝኣመሳስሉ ካልኦት ሜላታት ርሑው ምዃን የድሊ። ብግልፂ ካብ እንሪኦ ዓውዲ ተላቒቕና ባህርን ሜላን ምንቅስቓሳት ሱር ተኽሊ ብምውራስ ተበግሶ ምግባር ጉንደባይታውነት እዩ።

መኣዝን ምንቅስቓስ ሱር ተኽሊ ኣብ ትሕቲ መሬት ስለዝኾነ ካብ ላዕሊ ንዝመፅእ ፅዕንቶ (ፀቕጢ) ናይ ምፅዋር ዓቕሚ ኣለዎ። ኣብዚ ምንቅስቓስ ማእኸልን ወሰንን ዝበሃል የለን፤ መጀመርታን መወዳእታን ዝበሃል የለን፣ ሓሳብ ድማ ክቡርን ዝተነፀለን ብዝብል ኣገባብ ምልካዊ ቦታ ኣይሕዝን። ስለዚ ኣምር ጉንደባይታዊ ነቲ ዘየቋርፅ ዘተ ፖለቲካ መሰረታዊ ጉዳይ እዩ። ጉንደባይታውነት ናይ ምዃን ዕድል (of becoming) ካብ ምፍጣሩ ሓሊፉ ኣዳም ረታ ከምዝገለፆ ‹‹ ኣብዚ እዋን እዚ ናብ ዘሎ መድረኽ ናይ ምእታው ተኽእሎ ኣለዎ።››

........................

1 ጉንደባይታ Rhizome ዝተብሃለ ቃል ዝሓዞ ፍረነገር ተኪኡ ክንጥቀመሉ ከምእንኽእል ደራሲ ኣዳም ረታ የረድእ። ዩምቤርቶ ኤኮን ብምውካስ ኣዳም ረታ ከምዘቐመጦ ‹‹ ራይዞም እቲ ሓደ መስመር ምስ ካልኦት መስመራት ዝተተሓሓዘ እዩ። ማእኸል ይኹን ወሰን የብሉን። መውፅኢ እውን የብሉን፡ ፡ ናይ ግምት ዓለም ናይ ራይዞም ዓለም እዩ።››

ኣብዚ ፅሑፍ ከም ዝተገለፀ ብቋንቋ ዝድረኽ ፖለቲካዊ ቅልውላው ሃገርና ብቐሊሉ ክፍታሕ ዘይኽእል ዝተሓላለኸ ምዃኑ ርዱእ እዩ። ስለዚ ካብ ቋንቋ ዝመርሖ ፖለቲካዊ ኣታሓሳስባ ዘላቕቕ ፍታሕ ምንዳይ የድሊ። እዙይ ንምግባር ብኣምር ጉንደባይታውነት ምምራሕን መማረፂ ፍታሕ ምንዳይን ናይ ግድን እዩ። እዚ ማለት ተስፋ ምቑራፅ ወይ ኣርአስቲ ምቕያር ማለት ኣይኮነን። እዙይ ማለት እቲ ጉዳይ ሓባራዊ ዛዕባ ምእንቲ ክኸውን ካብ ቀበሌ ክሳዕ ዝለዓለ ብርኪ መንግስቲ ስድራ እውን ሓዊሱ ምትሕብባር ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት ምድላይ ማለት እዩ። ምኽንያቱ ኣምር ጉንደባይታውነት እንትንሓስብ ብዛዕባ ብዙሕ ነገር ማለት እውን ብዛዕባ ኣብ ትሕቲ ቁፅፅርና ዝርከቡ ነገራትን ካብ ቁፅፅርና ወፃኢ ክኾኑ ዝኽእሉ ነገራትን ኢና ንሓስብ ዘለና ማለት እዩ። ኣምር ጉንደባይታውነት እንትንሓስብ ስለ ምጅማርን ምውዳእን ዘይኮነስ ካብ ማእኸል ዘለናሉ ተሳዒልና ብኡ ጌርና ሓሊፍና ናብ እንራኸበሉ ቦታ ምጉዓዝ እዩ። በዚ ኣቢልና ድማ ሃገርና ካብ ፖለቲካ ምፅውዋር ናብ ፖለቲካ ምትሕስሳብ ክትኣትወትሉ ትኽእለሉ ናይ መወንጨፊ መስመር (line of flight) ክንረክብ ንኽእል ኢና። እዚ ኣብዮታዊ ደወል ማዕበል ፖሎቲካ ኢትዮጵያ ዝቕስቅስ እዩ ።

ብመሰረት እቶም ነዚ ሓሳብ ዘበገሱ ፍሮይድን ላካንን ደቂ ሰባት ካብ ናይ ስድራቤት(ባህሊ) ጀሚሩ ከጋጥሞም ካብ ዝኽእል ልምዲ ጭንቀት ወይ ጭቁና  ዝተልዓለ ዝሩግ ይኸውን ካብ ዝብል ኦማዊ ረጋፂ ሕልናዊ ኣምር (ናይ ስነ-ርትዒ፣ ስነ-ቋንቋን፣ ስነ-ሰረት ወዘተ። ቀንዲ ዓላማ ኣምር (ጉንደባይታውነት)ከም ቋንቋ ዝበሉ ብቐሊሉ ክምዘኑ፣ ክልከዑን ክምተሩን ዝኽእሉ ጉዳያት ንሳኑ ብምግዳፍ ደቂ ሰባት ካብ ዘለውሉ መዳይ ፀገም ብምርኣይ ንምርካብ (ንምሓዝ) ዝግበር ፈተነ እዩ። እዚ ድማ ካብቲ ዝርከብሉ ህሉው ኩነታት (ፀገም) መዋፅኦ ክሃንፁ ዘኽእሎም ኩነታት ይፈጥረሎም። ንኣብነት ኣብ ደወል ሓደ ከምዝተገለፀ ብ1986 ዓ.ም ቤት ትምህርቲ ኣብዲሳ ኣጋ ኣፎም ብቋንቋ ኣምሓርኛ ንዝፈትሑ ተምሃሮ ተቐቢሉ ምምሃር ጠጠው ኣቢሉ ነይሩ። ስለዝኾነ እውን ፣ ብሰንኪ እዚ ፖሎቲካዊ ውሳነ እዚ እቲ ሕብረተሰብ ንዝኸፍአ ምንግልታዕ ስለ ዝተሳጠሐ ናብቲ ምምሕዳር ተደጋጋሚ ጥርዓን የቕርብ ነይሩ። ድሕሪ ናይ ሰለስተ ዓመታት ምንግልታዕን ከርተትን እቲ ውሳነ ተነፂጉ ብ1989 ዓ.ም ቤት ትምህርቲ ኣብዲሳ ኣጋ ክልቲኦም ቋንቋታት (ኣምሓርኛን ኦረምኛን) ከምህር ተገይሩ። እቲ ፍፃመ ካብ መግለሳይነት ሓቜፋይነት ንማሕበረሰባዊ ሰላም መሰረታዊ ባኣታ ምዃኑ መምሃሪ ኮይኑ ሓሊፉ። ዝማዕበለ ሓቜፋይነት ሓደ ካብ መግለፂታት ኣምር ጉንደባይታውነት እዩ።

## CREDITS

The Ethiopia Peace Research Facility (PRF) is an independent facility combining timely analysis on peace and conflict from Ethiopian experts with support for conflict sensitive programming in the country. It is managed by the Rift Valley Institute and funded by the UK government. The Rift Valley Institute works in Eastern and Central Africa to bring local knowledge to bear on social, political and economic development.

The Institute for Peace and Security Studies (IPSS), established in 2007 at Addis Ababa University (AAU), is a leading African institute for the production and dissemination of knowledge on peace and security, and is recognised for academic and research excellence. Over the years, the Institute has continued to achieve its vision through its state-of-the-art academic programmes and evidence-based research. It is also the secretariat of the Tana High-Level Forum on Security in Africa, an annual high-level gathering of African heads of state, former heads of state, eminent African personalities and experts to deliberate on the continent's most pressing peace and security issues. The IPSS also serves as the African Research Universities Alliance (ARUA) Centre of Excellence on Post-Conflict Societies.

Copyright © Institute for Peace and Security Studies and Rift Valley Institute 2024. This work is published under a Creative Commons AttributionNonCommercial-NoDerivatives License (CC BY-NC-ND 4.0)

IPSS Institute for Peace and Security Studies

Rift Valley Institute MAKING LOCAL KNOWLEDGE WORK

Peace Research Facility